30 ነሓሰ, 2013

# “ብልሳነ-ኣቕሽሽቲ፣ብጥቕስታት ቅዱሳት መጻሕፍቲ.....”

# ህዝባዊ ኣብያተ-ክርስትያናት፣ ትሕጃ ንፖለቲካዊ መናገዲ!

ካብ ክፍላ ወርሒ ግንቦት 2013, ጀሚሩ ክሳብ'ዚ ሒዝናዮ ዘለና ኣዋርሕ፣ ብቀጻሊ፣ ኣንጻር ህዝብን መንግስትን ዝቀንዐ፣ ቖይቍ እተሓወሶ ለኸፍከፍ፣ 'መግለጺታት'፣ ተባሂሉ ክብተን ዝጸንሐን ዘሎን ኣጸላሚ ጽሑፋት ክደጋገም፣ ከም ህዝበይ ክከታተል ጸኒሐ።

ዋናታት ናይ'ዚ ነገርን ቖይቍን'ዚ፣ ዓሰርተ ክልተ 'ኣቕሽሽቲ' ኣብ ትሽዓተ ከተማታት ሰሜን ኣመሪካ፣ ብስም 'ንኡስ ሃገረ ስብከት' ዝፍኖ ዘሎ ምኺኖም ባዕላቶም ኣውጅም ኣለዉ። ንዓመታት ኣብ ከተማ ኣትላንታ መደበር ዕስክርና ዘጣጥሑ፣ ካብ'ታ ጥንታዊት፣ ክብርትን ቅድስትን ተዋህዶ ቤተ-ክርስትያን ኤርትራ፣ ነቲ ዘማእከላ ቅዱስ ሲኖዶስን ነጺጎም፣ ንርዝነት ትእዛዛታን ኣካይዳኣን ረጊጾም፣ ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊት ግብጻዊት ኦርቶዶክስ ክጠብቁን ክጣበቁን፣ ብነብስን መንፈስን ምስ ህዝቢ ዝኾነ ዝምድና ዘይጸንሖ ንጸላት ባእታታት ኢዮም።

ንኣስታት 8 ዓመታት፣(ብፍላይ) ብሓባር ቀጻሊ፣ ሓድነት ህዝቢ ከዳኸም የኽእል ዝበልዎ ካብ ሓቂ ዝረሓቀ ዝበለየ ክስታት፣ ከም ኣቕሓ ንግዲ መሸፈኒ እናለዋወጡ ከዋናጭፉ ውራዮም ኮይኑ ጸኒሑ። ነዚ ንምትግባር ዘጠዓዕመሎምን ዝመዝመዝዎ ባይታን ዕድልን (ብፍላጥ ብዘይፍላጥ) ከኣ፣ ኣብ'ቲ ነባራት ኤርትራውያን ስደተኛታ፣ ንመንፈሳውን ሃይማኖታውን ንጥፈታትቶም ክግልገልሉ ኢሎም ዘቖምወን ኣብያተ ክርስትያናት፣ ኣብ ውሽጢ ምእመናን ከም ሰብ ደሓን ተጸፍዮም፣ ክዋስእሉ ምጽንሖም፣ ካብ ዓይኒ ኩላትና ኣይተኸወልን።

ነዚ ንነዊሕ ዝኸደ መደብ፣ ብፍሑክታን ብቀስታን፣ በቢሓደ ክተኣኻኽቡን ክጠራነፉን ከስፋሕፍሑን ጸኒሖም። ኣብ ዘዝኣተውወን ከተማታት ዜጋታትና ኢዶም ዘርጊሖም፣ ብፍሕሹው ሕውነታዊ ገጽ፣ ብለውሃትን ልግስን ኣኽብሮትን፣ ህይወቶምን ህይወት ስድራ-ቤቶምን ብዝግባእ ኣተዓራርዮምዎም። ብጽጋብ ክሳብ ኣብ ርእሲ ሰባት ዝሸኑ። ነተን ህዝቢ ዘቖመን ኣብያተ-ክርስትያን፣ ንሕግታተንን ምምሕድዳረን ኣፍሪሶም፣ ፋይናንሲያዊ ትሕዝቶ ገቢቶም፣ ምሉእ ብምልኡ ኣብ ትሕቲ ግዝኣቶም ኣትየን። ኣብ ጎድኖም መዳፍእቲ ዝኾንዎም፣ ኣብ ፖለቲካ ዝኸሰሩ መዳምቕቲ ኣሰሊፎም፣ መሰረትን ዓንገልትን ገዳይም ገሊኦም ተገሊፎም፣ ንገሊኦም ኣሰልችዮም በቢሓደ ምስ ኣዳኸምዎ፣ ትሒም ዝብል ከምዘየለ ምስ ኣረጋገጹ፣ ካብ'ቲ ብሕብእብእ ዝነበረ ኣካይዳ፣ ናብ ጥርዚ ዝፈኾሰ ፖለቲካዊ ክድዓት፣ ኣብ ኣደባባይ ውርደት፣ ናብ ሓቀኛ መልክዖም ዘላሊ መድርኽ ኢዮም ወጺኦም።

ኮይኑ ድማ እቶም ትማሊ-ትማሊ ኣገልገልቲ ህዝቢ፣ “ሓለይቲ” ተዋህዶ ቤተ-ክርስትያን ተሓልቅቲ መሲሎም፣ ብኣፍ ጸፍ ዝብልሉ ዝነበሩ፣ ብግብሪ ዝብልል ከምኡ ከምዘይነበሩን ካምዘኮኑን ኢዩ ተርጋጊጹ። ምሉእ ዕጥቂ ሰኒቕና በሃልቲ፣ ብቕዓት ምትምናይ ወረታት፣ ንተጻባእቲ ህዝቢ ኤርትራ ከእምን ዘኽእል፣ ኣብ መጋባእያታት ከቀባብሉ ተመክሮ ኣጥሪና በሃልቲ ኢዮም። እቶም ከንቀሳቕስዎም ዝጸንሑ ኣካላት እውን፣ ኣገልግሎቶም ዘዛይድሉ ባይታ ክፈጥርሎም ምጅማሮም፣ በቲ ኣብ ዝሓለፈ ሰነ፣ ናብ ጀነቭ ዝለኣኽዎ ናይ ጥልመት ደብዳበ፣ ንዓይ እኹል ምስክር ኢየ ዝብሎ። ኮይኑ ግን፣ ተልእኾ፣ ተልእኾ ስለ ዝኾነ፣ እዚ ምግልባጥ እዚ፣ ስሩን ዝርዝሩ ጽንሕ ኢልና ብሓባር ክንሪኦ ኢና።

እቲ ኣብ'ዘን እተጠቕሳ ኣርባዕተ ተኸታተልቲ ኣዋርሕ ከጋማድሕዎ ዝጸንሑ ነጥብታት ኣትየ፣ ቅድሚ ርእይቶ ምሃበይ፣ ግን ናይ'ዞም ሰባት ኣመጻጽኣን፣ ኣመሳርታ ናይ'ዚ ምንቅስቃስን፣ ኣብ ምምስራቱ ብድሕሪ መጋረጃ ኣበርክቶን ተራን ዝገበሩ ካልኦት ምሁራት ውልቀ-ሰባትን፣ ምስ ምምስራትን ምድልዳልን ናይ'ዚ 'ንኡስ ሃገረ ስብከት' ምሕዝነት ምስ ተጻባኣቲ ህዝቢ ኤርትራ ዝጸንሐ ምውሳእ፣ ብውልቀን ብማሕበር ደረጃ ከመይ እመስል? ብፍላይ ድማ ነቲ ምስ ወያነን ግብጻዊት ቤተ-ክረስትያን ብቀጥታን ብተዘዋዋርን ዝነበረ ምትእስሳራት፣ እተኻየዱ ጸፋዕፋዕ ክጥቅስ ኢየ። ድሕሪኡ ኣብ'ቲ ናይ'ዚ ሕጂ ኣትዮሞ ዘለዉ ሃበስ-ቀደሳዊ ዘመተ፣ ንምንታ ኣብ'ዚ ፍሉይ ኩነታት ከጋፍሑን፣ ገፋሕፋሕ ገንፊሉን ኣስዒበ፣ ብሓባር ክንከታተሎ ኢና።

Print to PDF without this message by purchasing novaPDF (http://www.novapdf.com/)

ምምእካል ብደረጃ ሰሜን ኣመሪካ ስለ ምንታይ? ኣብ ምምስራቱ ብድሕሪ መጋረጃ ተራ ዝተጻወቱ ባእታታትን፡ ዳግማይ ምጥርናፍ ደቂ ማሕበር፡ ካብ ቀዳማይ ተሓድሶኣዊ ምንቅስቃስ ኣስመራ፡ ኣብ ከምይ ዝበለ ኩነታት መልክዕ ሒዙን ቆይሙን፣

ድሕሪ ናጽነት ኤርትራ፣ ኣብ ብዙሓት ከተማታት ሰሜን ኣመሪካ፣ ኤርትራውያን ብብዝሒ ዝነብርወን፣ በቢእምነቶም፣ (ዘይተማእከላ) ብተናጸል ኣብያተ-ክርስትያን ክኸፍቱ ጀሚሮም። ኣብ'ተን ዝቆማ ሓደስቲ ኣብያተ-ክርስትያን ዘገልግልዎም ኣቅሸሽቲ ድማ ከም ሓደ ኣገዳሲ ሕቶ ዝስዕብ ጉዳይ ኢዩ ኔሩ። ኮይኑ ከኣ ሓደ-ሓደ በቢዝጥዕም ክውሕዙ ጀሚሮም፣ ክሳብ ዝተወሰነ ጊዜ ብሰላምን ብፍቅርን ክምዕብል ጀሚሩ ኔሩ። ምስ ምብዛሕ ኣብያተ-ክርስትያናትን፣ ምስ ብዝሒ ዋሕዚ ኣቅሸሽቲ ግን፣ እቲ መንፈስን ኣካይዳን፡ ዘቅሰን ኣይነበረን፣ ምፍንጫላት ምርባሕ ኣብያተ-ክርስትያን ኣኸቲሉ። ኣብ ውሽጢ ሃገርና እውን እንተኾነ፣ ተዋህዶ ቤተ-ክርስትያን ድሕሪ ምኽታም መግዛእታዊ ስርዓት፡ ኣብ ዳግመ-ምቛም ስለ ዝነበረት፣ ጽሬትን ብቅዓትን እቶም ዝልኣኹ ዝነበሩ ኣቅሸሽቲ፣ ርእሱ ዝኸኣለ ጸገም ከም ዝነበሮ ይፍለጥ። ኣብ ከም'ዚ ዝኣመሰል ተኣፋፊ ኩነታትን፣ ስዒቡ ዝተኸስተ ወራራት ጸላእን ተጻባኢታትን፣ እዚ ናይ ሰሜን ኣመሪካ፣ 'ንኡስ ሃገረ ስብከት' ተማኣኪሉ ክመሓደር፣ ነታ ሓንትን ድልድልትን ተዋህዶ ቤተ-ክርስትያንን ሰዓብታን፣ ጸግዒ ሃገራዊ ደንበን መኸተን ዝነበሩ፣ ኣብ ግዳም፣ ኣብ ስደት ዝጸንሑ ጽኑዓት ዜጋታታ፣ በቲ ዝጸንሖም መንፈሳዊ ጽምኣት፣ ሃይማኖት ጉልባብ ዝገበረ፣ ንተኣፋፍነቱ መዝሚዝካ፣ ኣብ መንግእም ሕንፍሽፍሽ ንምእታው እተፋሕሰ ብልሃታዊ ውጥን'ዩ ዝመስል። ስለ ዝኾነ ኸኣ ንኹለን በቢከተማኣን፡ ነናተን ውሽጣዊ ኣመሓድራን ሕግን፣ ፋይናንሲያዊ ትሕዝቶን መራሕትን ዝነበረን፣ (ብጉልባብ ምትሕብባር) ብጥበብ ኣብ ሓደ ኣማእኪልካ፣ ካብ መኣዲ ሃገራዊ ጉዕዞን ኣበርክቶን ትኣልዮም፡ ብኡ ኣቢልካ ድማ ኣንጻር ህዝብን መንግስትን ከተታፋንኖምን፡ ንዓመታት ኣብ ከውሊ'ዚ ኣካይዳ ክመጹ ጸኒሖም። ምናልባት ሕጂ ምስ'ዚ ፍሉይ ምልውዋጥ ፖለቲካዊ ሚዛን ሓይሊ ንረብሓ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ዝቅልቀለሉ ዘሎ ውቅቲ፡ ብትእዛዝ ናይ'ቶም ሰብ ውራይ፡ ኣብ'ቲ ዝኣልምዎ ዘለዉ ሓድሽ ጻረ ህዝብን መንግስትን ውዲታት፡ ፍልይ ዝበለ ተራን ደረጃን ሒዞም እርኣዩ ይህልዉ።

ናብ'ቲ ኣቃውማ ክንምለስ፡ እቲ ቀንድን ምቹእን ባይታ መበገሲ ዝኾኖም፣ ብጻዕሪን ህርኩትነትነ ናይ'ቶም ንነዊሕ ዓመታት ኣብ ስደት ዳግመ-ምጥያስ ህይወቶም ክመርሑ ዝጸንሑ ዜጋታት፣ ንሳቶም ዝመስረትወን ኣብያተ-ክርስትያናት እዮም፣ ዓይኒ ኣውዲቖም። ኣባላተን ኣብ ኩሉ ማሕበራውን ፖለቲካውን ንጥፈታት ሃገር፡ ዕዙዝ ተሳትፎን ኣበርክቶን ዝነበሮም ምኻኑ ብሩህ'ዩ። እቲ ኣብ 1998፣ ወራራት ወያነ እናተኻየደ እንከሎ፣ ካብ ሃገር (ኤርትራ) ትምኑይ መሰነይታ ደብዳበ ሒዙ፣ ብምትሕብባር ኣባ መቃርዮስን ግብጻዊት ቤተ-ክርስታያን ኮፕቲክን፣ ሓገዛትን ምድግጋፍን ተጌርሉ ተኺሊሉ መሊቁ ዝኣተወ ቀሺ፣ መጀመርታ መዕረፊ ዝኾነቶ ቤተ-ክርስትያን መድሃኔ ኣለም ከተማ ኣትላንታ እያ ኔራ። ንሱ ዝዘርኣ ክርዳድ ብቀኒ፣ ሕጂ ናይ'ዘን ኹለን ከተማታት ሊሒማ። ኣብ'ቲ ሽዑ እዋን፣ እቶም ኣብ'ታ ከተማ ዝነበሩ ኤርትራውያን ምእመናን፣ ካህን ስለ ዘይነበሮም፣ ምስ'ቲ ናይ ኢትዮጵያውያን (ተጋሩ) ተጸጊዖም ክሳብ ወራር ወያነ፡ ብሓባር ሃይማኖታዊ ኣገልግሎት ክመለለሱ ጸኒሒም ድሕሪኡ ኩነታት ስለ ዘየፍቀደ፡ ካብ ውሽጢ ሃገር ኣገልጋሊ ቀሺ ክልኣኸሎም ዘቅረብዎ ጠለብ፡ ብፍቃድ ከም ዝመጸ ኣምሲሉ ኢዩ መስሎኺ ቀዳድ ክረክብ ዝኸኣለ። እቲ ኩነታት ነቶም፡ ኣብ ሃገር እንከሎ ዘስርሕዎ ዝነበሩ ባዕዳውያን እውን ጽቡቅ ኣጋጣምን፡ ነቲ ቀጺሉ ክነጥፈሉ እተደልየ ተሓድሶኣዊ ተልእኾ ባይታ ዘጠዓዕም ኩነታት እውን ፈጢርሎም እዩ። (ነዚ ንርእዮ ዘሎና)

"ዝብእስ ክሳብ ዝደልዎ ይሕንክስ" ከም ዝበሃል ኣብ'ቲ መጀመርታ መድርኽ ክሳብ ኣእጋሩ ኣትርሪሩ ዝረግጽ፣ ዘርእዮ ተዋስኦታት፣ ልቢ ምእመናን ዝሰልብ እተራቀቀ ሽሓጢ ገጸ-ባህርያትን ሜላታት ተጠቂሙ፡ ንወለዲ በቶም ዝፈትዎም ደቆም ማሪኹዎም። ደልዲለ ኣብ ዝበለሉ ሰዓት፣ ብቅልጡፍ፣ ነተን ኣብ ዝተፈላለያ ከተማታት፣ ነናተን ውሽጣዊ ኣነባብራን ኣካይዳን ዝነበረን፣ ህዝቢ ኣቀኒምወን ዝጸንሓ ኣብያተ-ክርስትያናት፣ ኣብ ሓደ ምእኩል ምሕደራ ክጠራነፋ፣ ሓያል ጎስጓስ፣ ናብ ዝተፈላለየ ከተማታትን ብዝሒ መገሻታትን ተጓይዩ። ኣብ ንጥፈታቱን ስርሓቱን ጸላዊ ግደን ዓቅምን ክጻወቱ ይኽእሉ እዮም ዝተባህሉ ውልቀ-ሰባት ክረክብን ከዘራርብን ብዘይዕረፍቲ ተወናጨፉ።

ይኹን እምበር ነዚ ንነዊሕ ዕላማ ዝጠመተ ሰላሕታዊ ምውስዋስ፣ ብናቱ፣ ብናይ በይኑ ውልቀ-ተገሶ ዝነቀለ ጥንሰ-ሓሳብን ተበግሶን፣ ዝመስለሉ ስሚዒትን ግንዛቤን ከም ዝነበረ፡ ሽዑ ኣብ'ቲ እዋን'ቲ፡ ኣብ'ቲ ፈላሚ ናይ ምትእኽኻብ ዋዕላ፣ ኣስተዋጽኦ ክህቡ ዝተዓደሙ፣

Print to PDF without this message by purchasing novaPDF (http://www.novapdf.com/)

ብናይ ቀደም ኩነታት፣ ነቲ ሰብ ኣቀዲሞም ስለ ዝፈልጥዎን፣ ተሳታፍነቶም ዝሰሓቡ ሰባት ምንባሮም እፍለጥ። ምሕቡርን ጥርኑፍን ኣካይዳ፣ ብምእኩል መገዲ ንምቁጽጻሩ ንኸጥዕም፣ እቲ ማሕበር ዝእለየሉ መምርሒ ዓንዲ ሕጊን ስርዓትን፣ ከም ሓደ ዘይፖለቲካውን ዘይመኽሰባውን ትካል ዘምስሎ ኣቀራርባን ኣተሓሕዛን ቅርጽን ሒዙ ክብገስ፣ ኣብ'ዚ ከባቢ ሰሜን ኣመሪካ፣ ንነዊሕ ዓመታት ክነባበሩ ዝጸንሑ ተመሳሳሊ ተልእኾ ዝነበሮም፣ ኣብ'ዚ ልፍንታዊ ተልእኾ (ካብ ሰብዓታት ዝጀመረ ምንቅስቃሳት ተማሃሮ፣ ሃገራዊ ናጽነት ንምዕንቃፍ፡ ተቃለስቲ ተመሲሎም ዝነጥፉ ዝነበሩ ሓዲግ ዝተረፉ፡ 'ምሁራት' መዓርግ ዶርቶርነት ዘለዎም) ዓቢ ኣበርክቶ ኔርዎም።

ክሳብ ሕጂ፣ ክሳብ እዚ ዝሓለፈ ሓምለ 2013፣ መበል 15 ዓመታዊ ኮንፈረንስ (ድሕሪ'ዚ ጉባኤ ግን ሓድሽ ምምሕዳራዊ ቅርጺ ብምስጢር ክኽልስዎ ምኧኖም ኣፍሊጦም ኣለዉ) ከም ኣማኸርቲ ኣባላት ቦርድ ብምኧን ድማ ብድሕሪት ክደፍኡ ጸኒሖም ኣለዉ። ኣብ ዝተፈላለየ ናይ ኣብያተ-ክርስትያን መደባትን ዓመታዊ ዋዕላን ዝነጥፉ። ዝተፈላለየ መጽናዕታዊ ጽሑፋትን፡ ፖለቲካዊ ጠቀስ ኣርእስትታት ኣስተምህሮ ክህቡን፡ ሓሓሊፎም ኣብ መርበባት ሓበሬታ ሃሳዪ ጽሑፋት ከራብሑ ምጽንሖም፡ እቶም ኣባላት ማሕበር ክዕዘብዎ ዝጸንሑ ሓቂ ኢዩ። እዚ ዘይቅዱስ ኣካይዳ ተራ ምእመናን፣ ገሊኦም ኣቃሊሎም ዝርእይዎ ክህልዉ ከም ዝኽእሉ፡ መብዝሕትኡ ኣባላትን ግን ክፈልጥዎ እውን ኣይተደልየን። ምኽንያት ድማ፣ እዞም ሰባት እዚኣቶም ነቲ ዘለዎም ድጉል ተጻራሪ ፖለቲካዊ መርገጺን ምንቅስቃሰን፣ እንተፈሊጡ፣ ነቲ እተጠንሰ ንርሑቅ ዘተነጻጸረ ጎዳኢ ኣጀንዳ፣ ንጥፈታቶም ብኣጋ ከይብርዕን ካብ ዝብል ቅድመ-ጥንቃቀኣዊ ብልሓት ኢዩ። ብምስጢር ክትሓዝ ከኣ ተመሪጹ።

ብድሕሪ እዚ ኩሉ ምውስዋታት፣ ከም ዓንዲ ማእከል መጽለሊ፣ ካብ'ዚ ምንቅስቃስ'ዚ ረብሓ ዝጽበ ኣካል ምህላዉ ኣመታት ዝሕብር ኣብነታት እውን ጸኒሕና ክንርኢ ኢና።

ፋይናንሲያዊ መንቀሳቀሲ፣ ካብ ጁባ ምእመናን ዝዋጻእ፣ ካብ መኽፈል ዓዳን ክራይን (ሞርገጅ) ኣብያተ-ክርስትያንን፣ ወጻኢታት ማይን መብራህትን፣ ክፍሊት ደሞዝ ናይ'ዞም ሰባትን ሓሊፉ ዝተርፍ ቅሙጥ ገንዘብ ክህሉ ከምዘይክእል ርዱእ ኢዩ። ሰንበት መጸ ኣባላት ክሕለቡን፣ ንመናገሪ ኣብያተ-ፍርዲ ንመጣበቅን፣ ጨቕቕ ክብሉን ከም ልሕጺ ተላሒጾም። ስለዚ ነዚ ማሕበር ንምምእካልን፣ ዓዲ-ዓዲ፣ ኣብ ምሉእ ከባቢ ሰሜን ኣመርካን ካናዳን፣ ኣብ ከተማታት ርሑቅ ምስራቕን ኤውሮጳን እናተተጻፍው፣ ነታ ሕፍርቲ ቤተ-ክርስትያን ንኸዳኽም፣ ቅጥዒ ዘይብሉ ኣኼባታትን ዋዕላታት ክሳተፉ፣ ንመጓዓዝያን መግብን ዝኸውን ናይ ገንዘብ ወጻኢታት፣ ካበይ ይፈስስ ኔሩ? ብዘይካ እቲ ንመንቀሳቀሲ ዝፈስስ ገንዘብ፣ መብዝሕትኦም ዝሰፍርዎ ኣባይትን ዝዘውርወን መኻይንን ተዓዚብካ፣ ምስ ናብራ እዚ እንቅመጠሉ ዘለናዮ ሃገር ኣብ ግምት ኣእቲኻ፣ ብክፍሊት ናይ ቤተ-ክርስትያን ጥራይ፣ ክሳብ ክንዲ'ዚ ምቹእ ናብራ ክነብሩ ዘክእሎም? ንሕና ዘይንፈልጦ ብላሓት ኣሎ ኢዩ ዘብለ እቲ ኩነታት። ካብ ክውንነት ዝረሓቀ ኣካይዳ ክትርኢ፣ ናብ ካልእ ዝኸበደ ሕቶን ጥርጣረን ኢዩ ዝውስድ። መን ኣሎ ጸግዒ ብድሕሪት ኢልካ ንኽትሓስብ ዝደፋፍኣካ፣ ተኣፋፊን ኣገዳስን ሕቶ ኣብ ኣእምሮኻ ግትር'ዩ ዝብል።

ሎሚ ኣብ'ዛ እንሪአ ዘለና ዓለም፣ ብዙሓት ብስም 'ሕልቅና' ሰብኣውን ሃይማኖታውን ምንቅስቃሳት፣ ዘይተኣደነ ኣታዊታት ዝግሓጠሉ፣ ዘይመኽሰባዊ ማሕበራት እናተባህላ፣ ሰፍ ዘይብል ማላዊ ሃብቲ ዝሕፈሰሉ ዘሎ ዓውደ-ኢንዱስትሪያዊ ሜዳ፣ ኩነታት ኢና ንሓልፍ ዘሎና፣ ከም ውጽኢት ናይ'ዚ ዘይጥዑይ ኣካይዳ፣ ኣንጻር እቲ ብኣፍ ዝልፍልፍዎ፣ ኣብ ዝተፈላለየ ኩርነዓት ዓለም ዘሎ ግርጭት፣ ሓድነት ኣህዛብን ላኣላውነት ሃገራትን ኣብ ምብትታን ኢድ ምትእትታ ዘምርሕ ባይታ ዘንጽፋን፣ ናይ ሓሶት ጸብጻባትን ሓበሬታን ምስክርነትን እናቀባበላ፣ ብዋጋ ህይወት ሚልዮናት ኣህዛብ ዝነግዱ ከም ፍልሖ ኣብ ጸጽባሕ ክፍልሑ ዝርጋሐኦም ድማ ኣብ ኩሉ ኣስፋሕፊሑ፣ ለበዳ ናይ'ዚ ሕማም ንከባቢና ነዞም ከም'ዚኣቶም ዝኣመሰሉ 'ወሓለታት' እውን ክጸልዎ ከምዝኽእል ኣየማትእን።

ነዚ ዝመሳሰል ኣካይዳ፣ 'ቀሺ' ነቲ ምትእኽኻብን ዋዕላን ክምስርት ኣብ ቅድመ-ግንባር ኮይኑ ክጓየ ኣብ ዝነቀለሉ እዋን፣ ዝነበሮ ፋይናንሲያዊ ትሕዝቶ ውሱን ጥራይ ዘይኮነስ፣ ክሕሰብ'ውን ዝከኣል ኣይነበረን፣ እግሩ ኣብ ዘይደልደለሉ ዓመታት ኢና ንዝረብ ዘለና። እንተኾነ ጅብኡ ምሉእ ህጣራን ኢዩ ዘመስል ፣ ከይተጋየሸ እዩ ክጓየየሉ ዝጀመረ። ዕዱማት ናብ'ቲ መስራቲ ኣኼባ ንክመጹ፣ ነዞም (ምሁራት) እተጠቅሱ ኣካላት፣ ከካብ ዝነብርዎ ከተማታት፣ ናይ ኣየር ትኬትን መጓዓዓዝን መደቀስን፣ ናይ ኣኼባ ኣዳራሻት ወጻኢታት

Print to PDF without this message by purchasing novaPDF (http://www.novapdf.com/)

ክሽፍን ዘኽእል ንዋታዊ ትሕዝቶን ዓቅሚ ኔሩ ድዩ? ካበይን ከመይን ፈልፊሉ ኢልካ ክሕተት ንቡር ኢዩ እመስለኒ። ንግሉጽነት ናይ'ቲ ማሕበር እውን፡ ሓደ ካብ'ቲ ንባህርያቱ ዘንጸላሉ ሕቶ ዘበግስ ነጥቢ ኢዩ፡፡

እምበኣርከስ፣ እዚ ሕጂ 'ብስም ንኡስ ሃገረ ስብከት'(ግብጺ እንተዝበሃል እኳ ምሓሸ ኔሩ) ተባሂሉ ዝፍለጥ ጉጅላዊ ምትእኽኻብ ብኸም'ዚ ዓይነት መንገድን፣ ዓይነት ሰባትን፣ ግዳማውያን ኣካላትን  እዩ ሓቑፉ ቖይሙ። ንረብሓን ሓድነት ምእመናን ብተኣማምነት ከገልግል ኢልካ ድማ ዝሕሰብ ኣይነበረን።

<u>ድሕሪ ምምስራት እዚ ማእከላይ መቆጻጸሪ ሃገረ ስብከት፣ ስዒቦም ዝተኣኻኸቡ ደቀ-መሳርሕቲ፣ 'ኣቕሽሽቲ' ኸ እንታይ ይመስሉ? ኣወጻጽእኦምን ኣመዳድብኦምን ከመይ ይመስል?...</u>

ከም'ቲ መብዝሕትና ብግርህና እንርእዮ። እዚ ምትእኽኻብን ምጥርናፉት እዚ፣ ብኣጋጣሚ ስቅ ኢሉ ዝመጸ ንጹል ክውንነት ወይ ብሃንደበት ዘጓነፈ ተርእዮ ኣይነበረን። ኣቀዲሙ ዝጸንሐ ዝምድናታትን ምትእስሳራትን ኣብ መንግኦም፣ ዓመታት እገብር ዝፋለጥሉን ዝተዋስእሉን ጸኒሕ ምንቀስቃሳ ንምብርባር ፣ ብሓገዝ መን፣ ንምንታይ መጺኦም፣ ገሊህካ ምርእዩ፣ ነዚ ሕጂ ተታሒዙ ዘሎ ሃይማኖታዊ ፖለቲካ፣ ግቡእ መረዳእታ ንክህልወካ፣ ዝሕግዝ ዳህሳስ ክትገብር ቅኑዕ ስለ ዝኾነ፣ ነዚ መበገሲ ጌርካ ድማ፣ ዝግባእ ርእሰ-ምክልኻል ንክንገብር ዝሕግዝ ኮይኑ እስምዓኒ።

ትዕዝብተይ፣ ንኣመጻጽእኦም ዝምልከት ብሓፈሻ፣ ኣብ ሰለስተ-ኣርባዕተ ክፋላት መቃቂለ ኣቕሪበዮ ኣለኹ፣ (ንስኻትኩም ደሓን ብዘደለኹም ርኣይዎ) ከከም ኣማጻጽኦም። ነጥሪ፣ ሓደ-ክልተ ካብኣቶም ካብ ነዊሕ እዋን ኣብ ስደት ዝጸንሑ፣ ገሊኦም ሲዒቦም ብሓገዝ ቀሺ ኣትላንታ፣ በቢእዋኑ ዘዝደለዮምን ዘዝሓረዮምን፣ ካብ ብውሽጢ ሃገረ፣ ኣብ መንበረ ጵጵስና ኮይኖም፣ ጠለባቱ ዘማልኡ ዝነበሩ ተሓጋገዝቱ ሓለፍቲ ዝተላእክሉ 'ቀሳውስት' ከም ካላኣይ ክፋል ክውሰዱ ይከኣል። ኣብ ሳልሳይ ክፋል ዝሰርዑ፣ ዲሒሮም ዝመጹ፣ መንግስቲ ኤርትራ ንዝለዓለ ማህደረ ትምህርቲ፣ ፍልጠት ንክቀስሙ፣ ተመሊሶም ህዝብን ሃገርን ከገለግሉ፣ እምነት ዝተነብረሎም፣ ብገንዘብ ሓፋሽ ተማሂሮም ከይተመልሱ ዝጠለሙ። (ክልተ ሰባት-ሓደ ኣብ ዲሲ፣ ኣብ ዘበናዊ ሆተል ቕሽነት ዝተዋህቦ፣ ካልኣዩ፣ ኣብ ከተማ ኣትላንታ ዝተረፈን) ኣብ ራባዓይ ክፋል ዝሰርዑ፣ (ሓደ ኣብ ከተማ ራቸስተር፣ ካላኣይ ድማ ኣብ ከተማ ቻርለት) መንእሰያት ኮይኖም፣ ዲሒሮም ዝመጹ፣ ብዘይ ሕጋዊ ሰነድን ፍቃድን፣ ዶብ ጢሒሶም፣ ብሓገዝ እተፈላለያ ኣህጉራውያን ትካላት 'ረዲኤትን ግብረ-ሰናይ ማሕበራትን'፣ ኣብ ፍልሰት መንእስያት መፈንጠሪያ ኣዋዲደን ዝነጥፋ፣ ካብ ጎረባብቲ ሃገራት ኢትዮጵያን ሱዳንን ዝተዓስከራ፣ ብናታተን ምትሕብባር ምትብባዕን፣ ንግዳም፣ ንኣመሪካን ካልኦት ሃገራት ፋሕ ዝበሉ ኣቕሽሽቲ ምንባሮምን ዘይምንባሮምን ብልክዕ ዘይተፈልጡ፣ ዘጠቃለለን ዝቆመን ምትእኽኻብ ምኻኑ፣ ንክርእዮ ዘየጸግም ስእላዊ ኣመጻጽኣን ዋሕዝን ንጹር'ዩ። 'ኣቡን ማቃርዮስ' ድማ በቲ ምስ ግብጻውያን ዘለዎ ሓያል ዝምድና፣ ነዚ ማሕበር ዘማሕድሩ ጉዕዞ እዚ ምንቅስቃስ ይመርሑ። ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን ሓደ ሓድሽ ተለቃቢ  'ቀሺ'  ዕድሚኡ ምሉእ፣ ኣማኒን ንጡፍ ተንቀሳቃሲ ፕሮተስታን ዝነበረ፣ ንኣመነቲ ተዋህዶ ብስሕለታዊ ጥበቡ ከሐድሶም ብብድዐ ዝመጣላዕ ዘሎ (ሓደ ካብ'ቶም ኣብ ላዕሊ ዝጠቀስናዮም 'ምሁራት') ባዕሉ መሪጹ ዝጽውዓሉ ስም 'ብኣባ ኣትናቴዎስ' ዝፍለጥ፣(ናይ ጥምቀት ስሙ ሃብቱ ገብረኣብ) ዝሓቆፈ ምትእኽኻባት ኮይኑ ይኸይድ ኣሎ።

ንኹሎም ዘራኽብን ዝጠምርን ናይ ሓባር ተልእኾን ዕላማን ተኸታቲልካ ድሕረ-ባይታኦም ምስ እትፍትሽ፣ እትበጽሖ መደምደምታ፣ መጀመርታ፣ ኣብ ዘዝነበርሉ ስፍራታት፣ ኣብ ኤርትራ ይኹን ኣብ ወጻኢ ብዝጸንሑ ብዘየገድስ፣ ከም ሓደ ናይ ሓባር ረቛሒ እተቐምጦ ጠባያት ኣሎ፣ ብግልጺ ዝንበብ፣ መበገሲ ነናቶም ሕሉፍን ህልውን ውሽጣዊ  ድኻማትን ኢዩ። ሃረምረም ንዓይ ይጥዓመኒ፣ ብዋጋን ክብርታት ህዝብን ሃገርን ከይተገደስካ፣ ንክትነበር ኣብ ዝኾነ ኢሰብኣዊ ተልእኾታት ተቋማጢዕካ፣ ብስም ሃይማኖት ኮነ ካልእ ምንቅስቃስ፣ ጸረ ህዝቢ ምስላፍ።

እቶም ንሓያለ ዓመታት ኣብ ግዳም ዝጸንሑ፡ ማለት እቶም ምሁራት በሃልቲ፡ ኣብ'ቲ ዝካየድ ዝነበረ ነዊሕ ጉዕዞ፣ ሃገራዊ ናይ ናጽነት ቃልሲ፣ ብሮት እወታዊ መፈለጥታ ዘይብሎም፣ ብባዶነት ዝሳቀዩ ኣካልት፣ እቶም ዲሒሮም ዝመጹ መንእስያትን 'ኣቕሽሽቲ' እውን፣ ተመሳሳሊ፣ ካብ መሳርዕ ምክልኻልን ቁጠባዊ ዳግመ-ህንጻዊ ሃገርዋ ተልእኾ፣ ኣበርኪቶ ጻዕርን፡ ካብ ምግባር ሕልና ዓሪብዎም፡

Print to PDF without this message by purchasing novaPDF (http://www.novapdf.com/)

ጥልመቶምን ጌግአምን ንከኽውሉ፣ እዚ ማሕበር ከም መጽለልን፣ ንቅሽነት ከም መመኻነዪ ዝምዝምዙ፣ ናይ ሓባር መሕብኢ በዓተ ጌሮሞ። ኣመንቲ ተዋህዶን ኣብያተ-ክርስትያናቱን ድማ መሸቀጢ ድኳናት ፈሪዶመን። ስለ'ዚ በቢድኻሞም ዝተጠራነፉ ኣካላት ኢና ንዛረብ ዘሎና ማለት'ዩ፡፡ ኣብ ዘይተደልየ ጸለመን፡ ህዝቢ ኣብ ምፍልላይን፡ ኣብ መወዳእታኡ ድማ ኣብ'ዚ ዲቅ ዝበለ ናይ ከድዓት ታኼላ ከሽከሉ፣ ኣመላት ዘራኸቦም፣ ሓለፋ ድርብን ስውርን ኣባልነት ዝውንኑ ኣካላት ማሕበር፣ ኣብ ውሽጢ ካልእ ማሕበር።

እቶም ዲሒሮም ካብ ውሽጢ ሃገር ብዝተፈላለየ መገድታት፡ ከም'ቲ ኣቀዲምና ዘዕለልናዮ ብሓገዝ ቀሺ ኣትላንታ ዝመጹን ካልኦትን ግን፡ ፍሉይ ናይ በይኖም ብቀረኣብ ዘጫንዎም፣ ዝተኾልፈ ዕላማ ከም ዝነበሮምን ዘለዎምን ዝእምት ተርእዮታ በዚ ናይ ሕጂ ዝግበር ዘሎ ኣካይዳ ኣተኣሳሲረ፣ ጸኒሐ ዝጠቕሶን ነጥብታት ኣዛሚደን ከምጽኦ ኢየ፡፡ መገዲ ናይ'ቲ ዛንታ ከኣ ናብ ኣስመራ ንድሕሪት ኢዩ ክመልሰና።

ኣብ'ቲ ካብ 1995 ኣትሒዙ፣ ካብ ግዳም ብመልክዕ ፖለቲካዊ ሃይማኖታዊ ሰደድ ዝኣተወ ወራር፣ ብተሓባበርነት ውሽጣውያን ወኪልቲ ደቂ ሃገርን፡ ካብ 2000 ዓመት ንድሓር ድማ ብፍላይ ብዝሓየለ መልክዑ ምስ ምፍሻል ወራር ወያነ ተጠናኒኑ ዝገንፈለ ምንቅስቃስ፣ ኣብ ኣብያተ-ክርስትያናት ኣስመራ፣ ገኒኑ ዝተራእየ ሓደጋ "ሃይማኖት ተዋህዶ ኣሪጉ፣ ክሕደስ ኣለዎ" ዝብል "ተሓድሶኣዊ ምንቅስቃስ"፣ ብርቱዕ ፈተነን መጥቃዕቲ ጥርዚ ዝዘበጠሉ እዋን፣ በቲ ሓደ ወገን ድማ፣ ምእመናን ነቲ ሰሊኹ ዝኣተወ መርዛም ተርእዮ፣ ብንቅሓት ሓያል ኣራሚ ተቃውሞ ዝገጠምሉን፡ ብህድኣትን ልቦናን ኣልዩ፣ ነቲ ጥንታዊት ቤተ-ክርስትያን ካብ ኣፍ ሓራግጽ ኣድሒንዋ። ኣብ'ቲ ጥንታዊ እምነትን ባህልን ክጸንዕ፣ ከይተበረዘ፣ ከተሸራርፈ ጥዕንኡ ሓልዩ ዝቅጽለሉን ዝድፍኣሉን ዝነበሩ እዋናት ምንባሩ እዝከረ። እዞም መንእሰያት እዚኣቶም ከኣ፡ በቲ ናይ ሽዑ ጊዚያት እቲ ሕማም ተለኺፎም ካብ ንቡር ዝወጸ ኣካይዳ ኣንፈቶም ዘጥፍኡን፡ ገና በቲ ሕዱር ሕማም ተረሚሶም ዝሳቀዩ ዘለዉ፡ ኣብ ኣእምሮኦም ሰሪጹ ዘሎን ኣሰራት የንጸባርቅ ምህላዉ፣ ነቶም ነዚ ዝፈልጡን ከኣ፣ ኣብ'ቲ ጉዳይ ንጡፍ ተራ ዝነበሮ 'ቀሺ' ሓደ እዚ ሕጂ ኣትላንታ ዓሪዱ ዘሎ እውን፣ ኣብ ተስዓታት ተቃሊዑ እኳ እንተነበረ፡ ነቲ እተኾልፈ መርገጺን ተልእኮን ክቅጽል፡ ነዞም ኣካላት እዚኣቶም ሒዙ ከኸይድ ብምኽሪ ወጻእተኛታት ዝተሳእለ መደብ ምኻኑ፡ ኣመታቱ ኣብ ዝለሓኾ ሰንዳት ዊኪሊክ ሰፊሩ ኔሩ። ሃይማኖታዊ ትካላትን መንእሰያትን ኣብ ወጻኢ ኣርእስቲ ጌሩ ዝወጸ ኣንቀጽ ሓጋዚ መወከሲ ይመስለኒ፡፡ (Engaging The Diaspora..ዝብል ኣርእስቲ፡ ንምንቅስቃስ መንእሰያት ኤርትራውያን ኣብ ፖለቲካን ሃይማኖትን ኣብ ሰሜን ኣመርካ ኣመለኪቱ ዝወጸ ጽሑፍ)

ኣብ ግዳም ዝርአ ዝኾነ ይኹን ዝተፈላለየ ፍጻመታትን ምንቅስቃሳትን፡ ሃይማኖታዊ ይኹን ፖለቲካዊ፡ ካብ'ቲ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ወይ ምስ'ቲ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ሃገርና ዝግበር ወይ ዝኾነ ነገራት፡ ነጺልካ ክትርእዮ ዝከኣል ኣይኮነን። ምትሓሓዝን ምውስሳባትን ኣለዎ፡፡ ንኣብነት ድሕሪ ወራር ወያነ፡ መንግስቲ ኤርትራ፡ ነቲ ሰፍ ዘይብል ብወራር ዝዓነወ ትሕተ-ቅርጻዊ በሰላ ንምሕዋይ፡ ወፍሪ ዋርሳይ እክኣሎ ተኣውጁ፡ መንእሰያትና ኣብ'ቲ ወፈራዊ ሕውየት ብዘድንቅ ቅልጣፈን ወንን፡ ኣብ ግዳም ዝነበረ ሓፋሽ ድማ፡ ካብ ግዳም ዘዝከኣሎ ክዓምም ኣብ ዝጸመደሉ መድርኽ፡ እቶም ነዚ ወራር እዚ ዝወልዑ ናይ ግዳም መማህራን፣ ንተበግሶን ውጺኢትን ናይ'ቲ ወፍሪ፡ እዚ ጥዑይ ኣካይዳን ኣታሓሕዛ መንግስቲ ስለ ዘይተዋሕጠሎም፣ ባህንም ብቁጠባዊ ሕሰም ክንርመስ፣ ኩሎም ሃንቀው ዝብሉ ዝነበሩ ኣካላት፣ ነቲ ዓያዩን ፈጣርን ሓይሊ መንእሰይ ክለምስ ተባሂሉ ዝተኣታተወ ውዲት ክኸውን እንከሎ፡፡ ነቲ ኣብ ግዳም ክቃለስ ዝጸንሐ ዜጋ፣ ነተን ክገብረን ዝጸንሐ ሓገዛት ንምኹላፍ፣ ኣብ'ቲ ሃገራዊ ወፈራ፣ ብስሙር ሓይል፣ ናህርን ምውህሃድን ከይመርሽ፣(መፍቶ ወያነ) ከም መበገሲ ብሃይማኖት ኣቢልካ፣ ንኣቃልብኡ ንምድህላል ተባሂሉ ዝተማህዘ ተንኮል ምንባሩ፡ ብዙሕ ምፍልሳፍ ዘድልዮ ትእምርቲ ኣይኮነን።

ካብ'ቲ እዋን እቲ፣ ማለት ካብ 2007 ንድሓር ዝጀመረ ድማ፡ ብቀጻሊ ብባዕዳውያን ሓይልታት ዝዝወራ ማዕከናት ዜናን መንግስታትን "ክርስትያን ኢጋፍዑ" ኣለዉ ዝብል ናይ ተጸብኦን ጠቀነን፣ ዜናዊ ወራራት ዝጀመራሉ እዋናት ምንባሩ እዝከር። እዚ ጠቀነ'ዚ ገና ብዘይዕርፍቲ ኮነ ኢልካ ዝቕጽል ዘሎ፣ እዞም ኣካላት እዚኣቶም እውን፣ ነዚ ዝተጻፈዐ ወረታት፣ ኣቀበልተን ተቀበልትን ብምኻን፣ ይኮላለስሉ ኣለዉ።

Print to PDF without this message by purchasing novaPDF (http://www.novapdf.com/)

እቲ ኣብ ከተማ ኣስመራ ዝነበረ መናፍቃዊ ምንቅስቃስ፡ ብተባዓት ኣዴታት ኤርትራ ኢዩ ተሳዒሩ፡፡ ኣብ ደገ ከም'ቲ ዝተወጠኖ፡ ኣየድመዐን እኳ ክበሃል እንተተኻእለ፡ ኣብ ልዕሊ ዜጋታት ሰፍ ዘይበል መንፈሳዊ ጸቅጥን ምድንጋርን፡ ኣብ ዜጋታት ዘየድሊ ምትህልላኽን፡ ምልሕላሕ ሓድነትን (ብፍላይ ኣብ ሰዓቢቲ) ስምብራት ኣይሓደገን ክብል ኣይደፍርን፡፡ ሐደ-ሓደ ሰባት፣ "ጸጥታ ኣጉዲልካ፣ ኣብ ውሽጢ ቤት-መቅደስ ብዘይ ፍቃድ ተዛሪብካ" ተባሂሎም ወታሃደዊ ስጉምቲ እተወስደሎም ንጡፋት ኣባላት። ንኣዴታት ምፍርራሕን፣ ኣብ ሃገራዊ በዓላት "ሳዕሲዕክን" ተባሂለን ገብን ከም ዝፈጸማ፣ ምግናሕትን ምድሃልን፣ ልሙድ ተርእዮ ኮይኑ ጸኒሑ።

እዚ ኣብ ላዕሊ ክጠቅሶ ዝጸናሕኩ ዘይርጉእ ናይ ውሽጥን ናይ ደገን ኩነታት እምበኣር፣ ንተጻባእትናን፡ ነዞም ኣካላት እዚኣቶም ክራብሑ፡ ምቹእ ኩነታትን ባይታን ፈጢሩሎም፣ እተን ብመደብ ዝተፈናጨላ ኣብያተ-ክርስትያናት፣ ነዞም ሓደስቲ መጻእቲ 'ኣቕሽሽቲ' ናይ ስራሕ ዕድልን ባብ ከፊተን፡ ናብ'ዚ ሃገር ንክውሕዙ መገዲ ከፊትሎም፡ ብምስክርነቶምን መንበሪ ወረቓቕቲ፣ ፍቃድን መሕተቲ ፖለቲካዊ ዕቁባን፣ ክረኽቡ ኣኽኢልዎም።

ኩነታት ከም'ዚ እናቀጸለ እንከሎ፡ ኣተሓሒዝና ክንሪኦ ዝግባእ፡ እቲ ምስ ተጻባእቲ ህዝቢ ኤርትራ ዝግበር ዝነበረ ምውሳኣት ከ፡ ከመይ እመስልን ኔሩ? "ነቲ ብዘይወዓልናዮ ተግባራት፡ ተሓሚናሉ" ዝብልዎ፣ ብእኩብን ብተናጸልን ምስ ሰብ ነገርና ዘካውስዎ ዝነበሩ ፖለቲካዊ መናውራ? እስከ ነቲ ተዋስኦታት ብሓባር ንተዓዘቦ፡፡

**1፡ ጸላእትና፣ ብቀጻሊ፣ ከም ቀዳማይ ዒላማ ዘነጻጸርዎ፣ ኣብ መንጎ ህዝብን መንግስትን ዘሎ ጽኑዕን ሓያልን ሓባራዊ ኣካይዳ፣ ንኽዝርጉ፡ እሰርሕ ኢዩ ዝበልዎ ኩሉ ብልሓታት ኣዋዲዶም፡ ንዋታዊን ሎጂስቲካዊን ዕጥቅን፣ ምኽርን መምርሕን ኣስኒቆምን ኣጠዓዒሞምን፡ ዝተፈላለየ ዝሕብሮም ጉጅለታት፣ ብዝተፈላለይ መኣዝናት፣ ኣዋፊሮም ምንባሮም፣ እዚ እንዛረበሉ ዘሎና ማሕበር፣ ከኣ ከም ሓደ ኣካል ናይ'ዚ መርበብ ኮይኑ፣ ነቲ እተወዳደሎም መሳርሕን መምርሕን ተኸቲሎም፣ ብርኡይ ክነጥፍሉ ኢድ ብኢድ ተረኺቦ እዮም። ኣብ'ቲ ወያነ ዘዳለዎ ኣብ ከተማታት ኢትዮጵያ ክግበሩ ዝጸንሑ ናይ ክድዓት ኣኼባታ፣ ኣብ መራኸቢ ብዙሓን ዝተቃልሐ ሓቅታት፣ ዝፈጸምዎ መገሻታትን ፣ ብቁንጣሮ ካብ'ቲ ብዙሕ፣ ከምዚ ዝስዕብ ዶ ኣይኮነን? ኣቀዲመ ንመእተዊ እትኾነኒ ምሳሌ ኣቦዋት ክጠቅስ፣ *"መን ምኧንካ ክነግረካስ ምስ መን ከም እትኸይድ ንገረኒ"***

- ቀሺ ገረንኪኤል ኣብ ወርሒ ሰነ 2012፡ ኣብ ሸወደን ብዝቅመጡ፡ ሰሎሙን ኣርኣያን መሓሪ ኣብርሃን ሳልሳዮም ትግራዋይ በርሀ ተኪኤን፡(ናይ ብርዒ ስሙ ፓይሎት 104) ብስርዓት ወያነ እናተመወሉ ኣብ ስለያዊ መደባቱ ዝነጥፉ፡ ብስም ስመር ንለውጢ ዝፍለጥ፡ ላዕለዎት ካድራት፣ በዓል በረኸት ስምኦንን፣ ኣይተ ስብሓት ነጋን፣ መላገጺ ናይ ፓልቶክ 'መዛተዪ' መስመር ዝኣልዩ ባእታታት፡ ኣብ'ቲ ንሳቶም ዘዳለውሉ መደብ ቀሪቡ፡ ኣንጻር ዓበይቲ መራሕቲ ሃይማኖት ጳጳሳት፡ ኣገልገልቲ መንበረ-ጵጵስናን፡ ሰራሕተኛታት ሃይማኖታዊ ጉዳያት መንግስትን፡ ኣነዋሪ ዘረባን ሕሜታታትን፡ መትሓዚ ዘይብሉ ሕሱር መጥቃዕትታትን ኣይፈነወን ድዩ? ዘይወዓሎ ወፈራዊ ማእቶት፣ ዘይተጸንበሮ ሃገራዊ ኣገለግሎት ክማጻደቀሉን ከማራስሕ ኣእዛና ኣይሰምዓን ድየን? ካብ'ቲ ዘገርም ንሓንቲ ዜጋ ነባሪት ከተማ ኣትላንታ፡ ሓደ ካብ'ቶም ዘጸልሞም ዝነበሩ ሰባት፣ ሓደ ኣቡኣ ምንባሮም፡ ከምኡ እውን ነታ ሰብ ምስ ሓደ ዜጋ፡ ሕጂ ብህይወቱ ዘየሎ፡ ክትድግሞ ዘሕንኽ ዘረባታት ዓፊሩ፡ ሃሳዪ ዘይሓላፍነታዊ ሕሱር ቃላት ደርብዩ። እቲ ዝፈነዎ ጠቀነ ምስ ተሰምዐ ተሓቲቱ፡ ህዝቢ ኒዱሩ ምስ ረኣየ፡ ተመሊሱ ከም ኣመሉ ኣብ ቅድሚ ምእመናን እቅሬታ ክሓትት ተገዲዱ። ኣባላት ቤተ-ክርስትያን፡ ነቲ ዝተበለለ ቅሽነቱ፡ ዝያዳ ዝብልል ሕሜታ፡ ነቲ ኣብ ቅድሚኦም ንብዓት ሓርገጽ ዝነብዐ፣ ተታሊሉ ክሓልፎ ዝሕሰብ ኣይነበረን፣ ኮይኑ ግን፡ ልግጭኡ ክቅጽል ኣበሳታቱ ተጎልቢቡ ክሕለፍ ተጌሩ ኣሎ። እዚ ተግባር'ዚ፣ ኣሉ ዝበሃል ተግባር ድዩ?

- (ካላኣይ) 'ቀሺ ኣትናቴዎስ'፡ ኣብ ከተማ ሲንሲናቲ ዝምቅማጡ፡ ናይ 2010 'ቀሺ'፡ ብጀካ እቲ ካብ ነዊሕ እዋን ጀሚሩ፡ ምስ ዝተፈላልዩ ኣካላት፡ ጸረ ህላወ ኤርትራ ዝኾኑ ኢትዮጵያውያን ባእታታት፡ ንሳቶም ዘዳለዉዎ ዋዕላታትን ኣኼባታትን፡ ኣብ ምድማቅ መደባቶም፡ ኣብ ምድጋፍን ምውዳስን ተጻይ ውጥናቶም፡ ብግሁድ ክነጥፍ ዝጸንሐ፣ ብመንነታዊ ቅልውላው ዝሳቀ ፍጡር ኮይኑ። እዚ ሰብ'ዚ ኣብ ዝደልዮ እዋን ዝደልዮ ዓይነት ሰብን ነግርን ንክኸውን፣ ከም ዘዝጠዓሞ ክገላበጥን ሕብሩ ክቀያይርን ዘይእግሞ፣ ኣብ መውዳእታ ዓመት 2011, ወርሒ ሕዳር፡ ኣብ'ቲ ከተማ ኣዋሳ ኢትዮጵያ ዝተኻየደ፡ ስርዓት ወያነ ዝመወሎን ዝጸውዖን "ኣኼባ" ዕሱባት

Print to PDF without this message by purchasing novaPDF (http://www.novapdf.com/)

ጉጅለታት፡(ካብ ግብረ-ሽበራዊ መዐለሚ ስፍራታት መሬት ትግራይ፣ ናብ ኤርትራ እናሰለኹ፣ ሰብን ንብርትን ዕንወት ዝፍጽሙ) ንመን ውኪሉ ክሳተፍ ከምዝኸደ ንብዙሓት ምእመናን ኣዛሪቡ። ኣብ ቅድሚ ሰበ-ስልጣን ወያነ፣ ጸሊም ክዳን ቅሽነትን መጠምጠምያን ለቢሱ፣ ብጥቅስታት ቅዱስት መጻሕፍቲ ዝተቓመም፣ ልቢ ወየንቲ ዝሰልብ መደረ ኣስሚዑ። ነቲ ኣብ ኣእምርኡ ዝህውጾ ሕዱር ፖለቲካዊ ሕማማት ጓሕጒሑ ተፊእዎ፣ ነቲ ከም ሓደ ዓቢ ዕድል ዝረኸቦ ናይ ክድዓት ባይታ፣ ንመጻኢ ብሓባር ምስ ጳጳሳት ስርዓት ወያነ ክስራሕ ተወጢኑ ዘሎ ሓባራዊ መደባት ዝምልከት ዘተ ኣቃኒዑ።( **መደብ ተዋህዶኣዊ ተዋህዶ ሓበሻ፣** ምትሕንጻፍ ተዋህዶ ቤተ-ክርስትያን ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ትግርኛ ተዛረብቲ) ኣብ ሓደ ሓደ ትካላት እናተዘዋወረ እውን፡ ነታ ሓደ ሲሶ ኣካል "መንነተይ ኢያ" ኢሉ ዝጸቅጠላ "ናይ ትውልዲ ስፍራይ" ዝብላ ኣዲስ ኣበባ እናተዘዋወረ፡ ናፍቆቱ ኣውጺኡ። ኣብ ዝተፈላለየ ኣጋጣሚታት ምስ ናይ ቲቪን ሬዮን ዝገበሮ ቃለ ምልልስ፣ ብዛዕባ ኤርትራ ብዘይዕረፍቲ ዝተፈላለየ ጸለመን፣ ኣባል ተሓድሶኣዊ ንጥፈታት ምዃኑን እውን ሓቢሩ ኣሎ።




. ብኣባላትን ተራ ምእመናን፣ "ንኡስ ሃገረ ስብከት" ዘይተነግሮም ዘይፈልጥዎ ናይ ጥልመት ዋዕላ ኣብ ከተማ ኣዋሳ ኢትዮጵያ፣ መደረ ከስምዕ እተቀድሐ ስእሊ።

<u>2፡ ልፍንቲ ምስ ግብጻዊት ኦርቶዶክስ፡</u>

® ድሕሪ ናጽነት ኤርትራ፡ ተዋህዶ ቤተ-ክርስትያን ኤርትራ ኣብ ጊዜ እግረ-ተኸላ፣ ምስ ግብጻውያን ብሓባር ክትሰርሕ ምፍታና ንኹሉ ብሩህ'ዩ። ግድን'ዩ ኢሎም ዝማጎቱ ኣካላት እውን ኣለዉ። ብዓይኒ ሓቂን ታሪኻዊ ኣመጻጽኣን ግን፡ ከም'ቲ ገዝእቲ ኢትዮጵያን ተሓለቅቲ ኮፕቲክ ዝብልዎ ልበ-ወለዳዊ ዛንታ ኣይኮነን እቲ ተኽክለኛ ኣመጻጻ። ብሓባር ዘስርሓካ መደባትን ውዕላትን ክህልዉ ድማ ንቡር ኢዩ፡፡ ነቲ ብሓባር ዝተሳማማዕካሉ ውዕላት ክትሕልዎን ከተኽብሮን እግባእ። እዚ ክኸውን እንከሎ፡ እቲ ጥዑይ ኣካይዳ፡ ሓደ ኣብ ልዕሊ እቲ ኻልእ፡ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ናይ እቲ ኻልእ ከም ቃሕትኡ ኢድ ክመልስን ክእዝዝን ማለት ግን ከኣ ኣይኮነን፡፡ እዚ ተርእዮታት እዚ ምስ ዝቅልቀል፣ ብዘተን ልዝብን ክፍታሕ ቅቡለን ንቡርን ኮይኑ፡ ግብጻውያን ግን ብትምክሕትን ዕቡይ ገባቲ ባህርያቶምን፡ ምትዕጽጻፍ ኣየርእዩን። ጥዑይን ሃናጽን ምቅርራብ ከይፍጠር፣ መንፈሶም ሃዲሙ። ብተወሳኺ፣ እቲ ወኪሎም ኮይኑ ንነዊሕ ዓመታት ኣብ ሕቁፎም ዝሰወደ፡ ኣባ ማቃርዮስ ዝፈጠሮ ጸገማት፣ ነቲ ዝሓንገደ ዘይሚዛናዊ ሓበሬታ ምስ'ቲ ዘለዎም ኣጠማምትን ጽልእን ድማ፡ ነቲ መገዲ ዕርቂ፣ እሾኽ ኣጋንንቲ ዘሪእሉ። ኮይኑ ከኣ፣ ግብጻውያን ኮፕቲክ፣ ምስ'ዞም ብመንፈሳዊ ድኻማት እተጥቅዑ ኣካላት ክትተሓቛቆፉ መሪጾም።

ሲኖዶስ ኤርትራ፡ ዝምድና ከመሓይሽ ፈቲኑ፡ ፍቃደኛታት ኣይነበሩን። ብኣንጻሩ፡ ናብ ዘየድሊ መቃሓሓሪ መገዲ፣ ኣንጻር ኤርትራዊት ተዋህዶ ቤተ-ክርስትያን ውዕዉዕ ዘመተን ጸለመን ክነዝሑ ኢዮም ተጓይዮም። ክርስትናዊ እምነትና ኣካይዳናን ንሳቶም እንተዘይባሪኾሞ፡ ዋጋን ክብርን ከምዘይብሉ ዘስምዕ፡ ቆይቑ ተደጋጊሙ። እዞም መቃልሕ ግብጻውያን ዝገድሙ እሙናት ገላዩ እውን ከምኡ። ነቲ ሃዋርያዊ ሰንሰለት ተበቲኹ ኣሎ ተባሂሉ ዝትረኽ ዘሎ ሲጊኒጢራዊ ኣረኣእያ፣ ሰንሰለታዊ ዝምድና ንጥዑይ ኣካይዳ፣ ዘረጋግጽን ዘውሕስን እንተዘይኮይኑ፣ ግዳያት ሰንሰለታዊ መቑረንቲ ክኸውን ከምዘይግብኦ እውን ክፍለጥ ምተገብአ።

ከም ውጺኢቱ፡(ግብጻውያን) ምስ'ቲ ኣብ ሃገራት ኣመሪካን እንግሊዝን ዝጸንሖምን ዘለዎምን ጥቡቅ ዝምድናታት ተጠቂሞም፡ ንኤርትራዊት ተውህዶ ቤተ-ክርስትያን ክትንጻል፡ ካብ ምትእኽኻባት ኦሬንታል ኦርቶዶክ ክትስጎጉ፡ ካብ ኣህጉራዊ ኣማኻሪ ኣብያተ-

Print to PDF without this message by purchasing novaPDF (http://www.novapdf.com/)

ክርስትያናት ዓለን ክትወጽእ ተጌሩ። (World Council of Churchs) ኣብ ሓደ-ሓደ ከተማታት ከም በዓል ከተማ ራቸስተር፣ ኤርትራውያን ዝተኣኻኸብሉ ቤተ-ክርስትያን፣ ንሳቶም ዝውንንዎ ስለ ዝኾኑ፣ "ንኣቡን ኣንጦንዮስ" እንተዘይ ጸሊኹም ኣብ'ዚ ቦታና ንኣምላኽኩም ክትጽልይሉ ኣይወሃበኩምን ኢሎም ጸቐጢ ዝገብሩ ክርስትያን  ምዃኖም እፍለጥ።  እዚ ኹሉ ኸኣ፣ ኣብ እዘን ዝሓለፋ ቀረባ 8 ዓመታት እተኻየደ ጸቕጥን ወራርን ኢዩ። ብምትሕብባርን ውክልናን ናይ ሰሜን ኣመሪካ 'ንኡስ ሃገረ ስብከት'፡ በቲ ዝተረኸበ ኣሉታዊ ውጽኢት፡ ብዙሕ ጃህራን ዳንኬራን ክገብርሉ ሰሚዕና፡ ነዚ ክፉእ ተመክሮ፣ እቲ ባዕላቶም በቢእዋኑ ክዝርግሕዎ ዝጸንሑ ሰነዳት ተሓቢሩ ኣሎ።

እዚ ዘስደምም ጽውጽዋያት ግን ፣ ተገልቢጦም ነቲ ባዕላቶም ዝሓንከርዎ ኣዕናዊ ተግባራት፡ "ተዋህዶ ቤተ-ክርስትያን ኤርትራ፡ ብሰሪ ዝፈጸሙቶ፡ ዘይቅኑዕ ኣካይዳ፡ ካብ ምትእኽኻብ ኣብያተ-ክርስትያናት ኦሬንታል ተነጺላ" እናበሉ፡ ንምእመናን ከጋግዩ ዘራብሕዎ ፈጠራዊ ጎስጓሳት'ዩ ዘገርም ኢዩ። እዚ ኹሉ ለኻዕካዕ፣ ንጸላእትና ንግዚኡ ንፖለቲካዊ መጣልዒ ካርታ ደገፍ ክህብ ይኽእል ይኸውን፣ ንሓደ-ሓደ ኣብ ሰንኮፍ ዝጸንሑ ሰባት እውን መሰናበዲ። ኣብ እተናወሐ ጊዜ ግን፣ ነቲ ዝበዝሐ ሰብ፣ መተዓዛዘቢን መምሃርን ከምዝኸውን ጥርጥር የልቦን። እዚ ሕጂ ዝእለም ዘሎ ናይ ሓሶት ኣፋትል ክዝርዘር ግን እዋኑ ርሑቕ ኣይኮነን።

ተዋህዶ ቤተ-ክርስትያን ኤርትራ፡ ካብ'ዘን እተጠቕሳ ማሕበራትን ኣብያተ-ክርስትያን ተዋህዶ ኦሬንታል፣ ኮነ ዓለማዊ መጋባእያ ኣብያተ-ክርስትያናት ኣባል ዘይምዃና፡ ክንዲ ፍረ ኣድሪ ዝምድቃቁ ረብሓ ኣይጎደላን። እዚ ጓንጓ ዝትሕዝትኡ፣ ስም ጥራይ ሒዙ ደድሕሪ ዘራጊ ፖሊሲታት ሓያላት ሃገራት ዝሹብልል ምትእኽኻብ፣ ብጠልቀፍቀፍ ዝፍለጥ ክለብ፣ ብግዳሙ ክትርእዮ ዓቢን ቅዉም-ነገረ ዘሳሲ ዝመስልን፣ ብዓበይቲ መራሕቲ 'ሃይማኖት' ዝእለ ዝመስል፣ ንጽቡቕ ዝምድናን ጒርብትና ኣህዛብ ክዝርጉን ከዛርጉን ዝጓናብሑ እምበር፣ ኣብ ታሪኾም፣ ጥዕና ዝዘርእ መንፈሳዊ ኣስተዋጽኦ ኣየመዝገቡን። ንጥቕሚ ሓያላት ተዓሲብካ ምስራሕ፣ ንነብሶም ኣብ ጥጡሕ ስፍራን ገዳማትን፣ ብህጥራንን ምቾትን ዝዘቅበቡ ምዃኖም፣ ውጹዓት ኣህዛብ ኣጸቢቆም እፈልጡ። ንጥቕሚ ውጽዓት ዝጣበቅ ራእይ ኣይውንኑን። ስለ'ዚ ኣባል ናይ'ዚ ትካላት እዚ ዘይምዃን፡ ጥዕና እምበር፣ ጸገም ወይ ወጽዓ ኣይኮነን፡፡ ኣብ ኤርትራና፣ ከም'ቲ ናታቶም፣ ናይ ሓውን ሓሰርን መጋርያ እቶን ክንኣጉድ ኣየዋጽእን'ዩ። ንዓና ከም ኤርትራውያን ዘሰክፈና ወይ ብግልባጡ ዘራጋግኣና፣ እቲ መሰረታዊ ሕቶ፡ ህዝብና ምስ ዝደናገር፡ የስክፈናን የሻቕለናን፡ ህዝብና ኣብ ጸግዒ ሃገሩን፡ መራሕቲ ቤተ-ክርስትያናቱን ጸኒዑ ነቒሑ ክሳብ ጠጠው ዝበለን ዝቀጸለን ግን፡ እተባህለ እንተተባህለ ብዙሕ ዘስክፍን ዘሸቕልን ኣይኮነን። ንሱ ኸኣ ኢዩ ዋና ነገር።

ምስ'ዚ ብምትሕሓዝ፡ እዞም ኣካላት እዚኣተን ዝመርሑዎም ምእመናን፣ ነናይ ነፍሲ-ወከፎም ሃገር እንተተመልኪትና፡ ማለት ግብጽን ኢትዮጵያን ሲርያን ሊባኖስን ወዘተ..ዘሎ ሓላን ሃለዋትን ኣህዛብ ተዋህዶ እንተተፈቲሹ፡ ዘረጋግጾ ሓቂ እንታይ'ዩ? ጥዕናታትን ዝመድናታትን ኣህዛብ ከመይ እመስል? እቲ እንግንዘቦ ኩነታት ኣህዛብ ናይ'ዘን ሃገራት፣ ትርፊ መጋበሪያ ፖለቲካዊ ሃይማኖታዊ ቁርቁስ ካብ ምዃን ሓሊፎም፡ ብኩናትን ዕግርግራትን፡ ብቁጠባውን ፖለቲካውን ነውጽታት እሕመሱ ከም ዘለዉ ጥራይ ኢና ክንግንዘብን ንኽእል። ዜና ማዕከናት ዓለም ምውካስ ከኣ ኣኻሊ እዩ እመስለኒ። ካብ ስቃይን ተስፋን ምቁራጽን፣ ዘቅንእ ናብራ ኣይተራእየለንን። እዞም ሰብ ገዘፍቲ መሳቅል፡ ዘሕልፍዎን ዘቃልሕዎን ውሳኔታት፣ ኣብ ዘንጸባርቕ ሆተላት ዝካየዱ ኣኼባታትን፣ ብውዱዕ ክግምገም ከሎ፣ ንሃልክን ድኻምን እምበር፣ ንምረት ምእመናን ዝድብስ ንሃንቀውትኦም ዘረሳርስ ውጽኢት ኣይተረኾቦን። ስጋውን መንፈሳውን ለውጥታት ኣይተረጋገጸን፣ ህውከትን ዕግርግራትን ኣየብቅዓን፣ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሃገር።

ኣብ'ዚ እንደገና ደጊመ ክጸቕጠሉ ዝደሊ፣ ጉዳይ ገንዘብን ወጻኢታትን ኣገዳሲ ኮይኑ እስምዓኒ። (ብኣዛራርባ ለባማት፡ Follow the money ስለ ዝብሉ) እዞም እኩባት መራሕቲ ዝበሃሉ፣ ኣብ ዓበይቲ ዘብለጭልጫ ገዳምት፣ ምድራዊ መንግስተሰማይ እናነበሩ፣ ኣብ ዓበይቲ ኣህግራዊ መታኣኸቢታትን ሆተላትን ኪጋብኡ፣ መግብን መጋየሽን መነባብርን፣ ዘይተኣደን ንዋት ካበይ ይምንጭ? ካብይ መጺኡ? ብኸመይ? መን መዊልዎ? ንመን ረብሓ? ወዘተ መወዳእታ ዘይብሉ ሕቶታትን ዘነቃንቕ ተርእዮ ኢኻ ተንቅል፣ ሚልዮናት ብጥምየት ዝሕለቡ ኣህዛብ፣ ብስሞም እናተመጻደቕካ።

ግልጺ መለሲ ክህብ ትብዓት ዘለዎ ኣካል ከምዘየለ እኳ ፍሉጥ እንተኾነ፣ መእምን ግን፣ ነዚታት ከስተብህል፣ ምስ ባህርይ'ዚ ማሕበርን ምንቅስቓስን ኣዛሚዱ ክሓስበሉ ይግባእ።

Print to PDF without this message by purchasing novaPDF (http://www.novapdf.com/)

*ከምቲ ኣብ መበገሲ ዛዕባይ ዝጠቀስክዎ፡ ክጅምር እንከለኹ እተጠቐምክሉ ኣርእስቲ፡ “ብልሳን ኣቕሸሽቲ፡ ብጥቅስታት ቅዱስ መጻሕፍቲ” ኣብያተ-ክርስትያናት -ተዋህዶ መደበራት ፖለቲካዊ መጋበርያ ምኳነን፡ ነቲ ቅዱስ ስም ኣምላኽ እናዘንጠልካ፡ ንምመወራዘይን፡ ንኣራኣእያ ኣተሓሳስባን ምእመናን መዐፈንን፣ ኣብ'ዘይ ግቡእ መዓላኦም ዝዝንጠሉ ጥቕስታትን ምሳሌታትን፡ ኣቕሸሽቲ ተመሲልካ ክካየድ ዝጸንሐ ኣነዋሪ ሸፈጥ ዝሕብር፡ ሓደ ክፋል መግለጺየይ፡ ኣብ'ዚ ዛዚመ ኣለኹ።*

<u>ካብ'ዚ ብምቕጻል፡ ናብ'ቲ ቀንዲ መበግሲ ዝኾነኒ፣ ናይ'ዚ ህልው ኣብ'ዚ ቀረባ ግዚያት ክንዛሕ ዝጸንሐን ዘሎ ወጠምጠማት ክመልሰኩም ተጸመሙኒ፡</u>

(ብትዕግስቲ ክትከታተሉኒ ድማ እላቦ)

ብመጀመረታ፣ ኣብ'ታ **ልክዕ መዓልቲ ናጽነት ኤርትራ** ዝተባዕለትላ፣ ዕለት 24 ግንቦት 2013፡ ኣብ መረበብ ሓበሬታኦም ዘስፈርዋ ናይ ክድዓት ደብዳበ፡ ንዋና ጸሓፊ ውዱብ ሕቡራት ሃገርት ዓለምን፣ ነቲ ቅዳሕ የገድሶም ኢዩ፣ ኢሎም ዝሓሰብዎም፣ ዝተፈላለዩ ሓለፍቲን ኣካላት መንግስታትን ዝተላእከ ክጅምር። ኣብ'ተን ተኸታቲለን ዝቕጽላ ጽሑፋት ድማ ከምኡ ኣሕጽር-ኣሕጽር ኣቢለ ርእይቶታት ከፍስስ ክፍትን ኢየ።

ኣብ'ቲ ቅንያት እቲ፡ ኩሉ ኤርትራዊ ነቲ ክቡር በዓል ናጽነቱ፣ ብዋጋ ኣሽሓት ጀጋኑ ስውኣቱ ዝተረኸበ ክቡር ህያብ፣ ንኽጽንብል እናተሻባሸበ እንከሎ፡ ፈተውቲ ህዝቢ ኤርትራ ደገፍቱን፡ ናይ ዮሃና፡ ናይ እንቋዕ ሓጎሶኩም መልእኽትታት ጽቡቕ ትምኒቶም ከመሓላልፉ እንከለዉ፡ ህዝቢ ኣብ ከም'ዚ ዓይነት ጥዑይ ተሃራፊ ሃዋህው እናስተማቀረ፣ <u>እዞም ዕስለ፣ ነቲ ብክቡር መስዋእቲ ዝተዋሕሰ ናጽነት ሃገር፣ ኣብ ልቦም ቦታ ከምዘይብሉ፣ ከምዘይተቀበልዎን፣(1) በቲ ዝለኣኽዎ ናይ ክድዓት ደብዳበን፣ (2) በቲ ኣብ'ታ ልክዕ 24 ግንቦት፣ ዕለት ናጽነት፣ ኮነ ኢሎም ክትዝርጋሕ ምግባሮም፣ ናጽነት ንዕዖም እንታዮም ከምዘይኮነ፣ ንሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ ብወግዒ ኣርጋጊጾምሉ። ብንጹር ናይ ኣጋጣሚ ነገር ኣይነበረን። ምኽንያቱ እቲ ጎዳኢ”ጥርዓን”፣ ኣብ ወርሒ ሰነ እዩ ናብ'ቲ ዝተደልየሉ ኣካል ተላኢኹ። ክሳብ'ዛ ዕለት ክትጸንሕ ዝተደለሉ ድማ ኩሉ ፍጡር በሪህሉ ኣሎ።</u>

ከም'ዚ ዓይነት “ደብዳበ” ኣብ ከምዚ ዓይነት ሃዋህው ምጽሓፍ፣ መቀጸልታ ናይ'ቲ ዝጸንሐተ ተጻብኦ ናብ ዝለዓለ ጥርዙ ከምዝተሰጋገረ ዘመልክት፣ ቀይሕ መስመር ዝጠሓሰ፣ ነቲ ብቀይሕ ደም ኣእላፋት ጀጋኑ ስውኣትና ዘረጋገጽናዮን ዝዓቀብናዮን ናጽነት፣ ብተጻባእቲ ንክርገጽ ኣሕሊፉ ዝህብ፣ ናይ ክድዓት ተግባር ምኳኑ፣ ኩሉ ዜጋ ዝሰማማዓሉን ዘሕዘኖን ተርእዮን ተበጺሁ ኣሎ።

ኣብ'ዘን ኣርባዕተ-ሓሙሽተ ዓመታት፣ ኤርትራውያን ኣብ ከባቢ ሰሜን ኣመሪካ፣ እቲ ብዘይመርትዖን ጭብጥን፣ ኣንጻር ሃገር ዝተስገደደ ጎዳኢ ውሳነ ማዕቀብ፣ ንክስረዝ፣ ንእተጋህሰ መሰል ህዝቡን ሃገሩን ክጣበቕ፣ ኣብ ጽዑቕ ጥምጥም ኔሩ። ብዘካየዶ ሓያል ተባዕ ተቓውሞ ድማ፣ ኩሉ'ቲ ናይ ከበባ መናድቕ ሃዶሽደሽ ኢሉ። ብሓሰውቲ መሳኻኽር ኢጋድ ንከምብርኩኹና ዝወሰድዎ ናይ ዓሎቅ ውሳነ፣ ተዳኺሙ፣ ንሕና ላዕለዋይ ኢድ ሒዝና ክንጎዩ ስለ ዘይተዋሕጠሎም፣ ካልእ ሃሳዩ ማሕለኻታት ከጣዓዕሙ ዝጣበብዎ ዘለዉ መፈንጠሪያት፣ ቅያር ናይ'ቲ ቅድሚ ሕጂ እተጠቅምሉ መንገድታት፣ ማለት ናይ ወጻእተኛታት መሰካኽር ጥራይ ዘይኮነስ፣ ብስም 'ደቂ ሃገር' ኣብ ጸይቂ ተዋፊሮም ክንቀሳቀሱ ዝጸንሑ፣ ዝተተምነየ ሓሶታትን ምህዞታን ሰኒድካ፣ ካልእ ቀጻሊ ሽግራት ንክተበግስ ዝሰርሓሉ ዘሎ፣ ናይ ክድዓት ተርእዮ ተበጺሑ።

ትማሊ-ትማሊ፣ እታ ናይ ሶማል መኽሰሲት ካርታ ሓሪራ፣ ካልእ ሓድሽ ካርታ፣ ካርታ ናይ 'ሰብኣዊ መሰል፣ ፍልሰት መንእሰያት' ካርታ፣ እቶም ንርእሶም ብስስዐ ዝፈለሱ፣ ሰብ ዘፍልሱ፣ ብስም ሃይማኖት ዝቋመሩ፣ ብሓሶት ዝተቀለመ ምስክር ወረቓቕቲ፣ መሕተት ዑቕባ ንከውህቡ ብዘይ ወግዒ ኣዋጅ ወግዓውነት ዝተዋህቦም፣ ኣብ ምፍላስን ምውሓዝን መንእሰያት ዓቢ ተራ ዝዋስኡ ባዕላቶም እንከለዉ፣ ክንዲ ካብ'ቲ ጉዳይ ክእለዩ ዝሕተቱ፣ ብኣንጻሩ፣ ከም መሰኻኽር ምቕራብ፣ ንባዕሉ ገበን፣ ነቲ ዋሕዚ ድማ ከምዝተባባዕ ኢዩ ዘመልክት።

ኣብ ከተማ ጀነቭ ሃገር ስዊዘርላንድ፡ ብሓፈሻ ብዛዕባ ጉዳይን ሃለዋትን ሰብኣዊ መሰላት ኣህዛብ ዓለምና፣ ክዝቲ ብዝብል ጉልባብ፣ እተገብረ ዓመታዊ ኣድካሚ ኣኼባ፣ ብፍላይ ድማ፡ ኣብ ኤርትራ ዝግበር ዘሎ ፍልሰት መንእሰያትና ዘስዕቦ ዘሎ ጉዳኣት፣ ነቲ ባዕላቶም

Print to PDF without this message by purchasing novaPDF (http://www.novapdf.com/)

ዝፍጽምዎ ገበናት፣ ንመንግስትና ከጣብቅሉ፣ ብእኡ ኣቢሎም ክበጽሕዎ ዝደለዩ፣ ንብድሕሪ ሕጂ ንክፍጽምዎ ዝደልዩ ዘለዉ ተወሳኺ ማህሰይቲ፣ ባይታ ዝጸረግሉ፣፣ ካልእ ተወሳኺ ከቢድ ክስታት መራጉድቲ ዝኾኖም ፖለቲካዊ መገዲ ንክጸርጉ፣ ዝደፍእሉ ኣኼባ ኢዩ ኔሩ። ዝተፈላለዩ ብስም ሰብኣዊ፣ ዘይሰብእዊ ተግባር ዝፍጽሙ ዝተፈላለዩ ባእታታት ድማ ነዚ እከይ ተልእኾ መጋበርያ ክኾኑ ጠብሎቕሎቕ ክብሉ ዘገርም ኣይነበረን፣ ብጽሒት ስርሖም ስለ ዝነበረ። ከመይሲ፣ ብተመሳሳሊ መገዲ ክፍጸሙ ዝጸንሑ ፍጻመታት ንዕዘቦ ዘሎና ኩነታት፣ ዝተፈላለዩ ጉጅለታት፣ ሓደ ድሕሪ ሓደ፣ መስርዕ ተኸቲሉ ብቀጻሊ ኣንጻርና እተነጽፈ ዐንቃፊ መደባት፣ ከም ውሻል ዝተቀርጹ መሳርሒ ኮይኖም ወረታት ዘቀባብሉ፣ ኣብ ሕሉፍ ታሪኽና ዝተመኮርናዮ ህያውነቱ ኣይሃሰሰን። ነዚ ዝስዕብ ክስተታት ከከም'ቲ ዓይነትን ባህርይን ናይ'ቲ ጉዳይ ዝጥዕም ኮይኖም ዝተምስርሑ፣ ኣብ ኣድላዪ እተባህለሉ መደባት ክስኩዑ፣ ከም ትሕጃ ተዳልዮም ዝጸንሑ ምኺኖም መን እሞ ክስሕቶ?

ነቶም ንልዕሊ ኣርብዓ ዓመታት ኣብ ወጻኢ ሃገራት ኣብ ጸግዒ ህዝቦም ብትብዓት ጠጠው ኢሎም፣ ጸኒዖም ንመሰል ህዝቦም፣ ብሓላፍነት ክንቀሳቀሱ ዝጸንሑን ዝተቃለሱን ማሕበራት፣ ነቶም ወደብቲ ኣካላት ናይ'ዚ ኣህጉራዊ ዋዕላታት፣ ሓሳባት ከፍስሱ፣ ነቲ ዘጋጥም ዘሎ ፍጻሜታት ዝሰነድዎ ሓቅታት ከካፍሉ፣ ዝገበርዎ ፈተነታት፣ እታ ከም ሓላፍነት ዝተሰከመት ጸሓፊት፣ ንጠለባቶም እወታዊ ቅሩብነት ኣየርኣየትን፣ ኣብ ቅድሚኦም ቀሪባ ክትመያየጥ'ውን ትብዓት ኣይነበራን። ገሊኦም ኣካላት እውን ነቲ ክትሕበሮ ዘይደለይዋ ሓቅታት ክትሰምዕ ኣይደለዩን። ኣቀዲመ ከም ዝበለክዎ፡ እቲ ኣኼባ ነቶም ብቀጻሊ ከሰልኩይና ድቃስ ዝሰኣኑ ወገናት ንኻልእ ማነውራ መጣዓዓሚ ክኸውን እተዳለወ ስለ ዝነበረ።

ብዛዕባ ኣብ'ቲ 'ደብዳበ ናይ'ቲ ጥርዓን' ዝብልዎ ዝሰፈረ ዝርዝራት፣ ኣጋንኖኣዊ ሃበስ-ቀደስ ክብሎ ጥራይ ኢየ ዝኽእል። "ኣብ ኤርትራ ካብ 1993 እዚ መንግስቲ ካብ ዝመጽእ ኣትሒዙ ሃይማኖታዊ መጽቀጥቲ ተቀልቂሉ" ዝብል ክሲ፡ ኣብ መዋእለ መሳፍንትን ብነገስታትን ዝነበረ ኩነታት፣ ሃይማኖታዊ ራህዋ ደረት ዘይብሉ ናጽነትን ክብርን ከም ዝነበሮ፡ ግልቡጥ ታሪኽ ክትርኹን ክውዱስን ምስማዕ የስደምምካ። ኣብ'ዘን ዝሰገርናየን 8 ዓመታት፣ ከም ብዕሪር ክሕይኽዎ ዝጸንሑ፣ ዝሞተት ሕቶ "ምምራጽ መተካእታ ኣቡን፡ ዘይተዓጽወ ቤተ-ክርስትያናት ተዓጽዩ ኢልካ ምድንጋር፡ ትምህርቲ ሰንበት ተቋሪጹ ዝገደደ ሓሶት፡ መንግስቲ፣ ኣብያተ-ክርስትያን የመሓድር ኣሎ" ክብሉ ዝጠቀስዎ ፡ ፍኹሰትን ሕስረትን ኢዩ ዘረጋግጽ። ንጉዳይ ስደት መንእሰያትን....ክብሃል ስለ ዝነበሮ መማልእቲ ጽሑፍ ድኣምበር፡ እቲ ሓቂ ድኣ ብተዘዋዋሪ መገዲ መን'ዩ፡ ኣብ'ዚ ንግዲ ዝነጥፍ ብርግጽ እንተዝሕተት መን ምኺኑ ንምፍላጥ ቀሊል ምነበ፡፡ ፍልሰት ዜጋታት ዳግመ-ምጥያስ ኣብ ወጻኢ ሃገራት ንዓታቶም ዓቢ ረብሓ፣ ብብዝሒ 'ኣብያተ-ክርስትያናት' ምኻፉትን ዘይነጽፍ ኣታዊታት ምኽዕባት ሰለ ዝኾኖም።

ኣብ'ዘን ነጥብታት እዚኣተን፡ ውዒሉ ዘሐድር ትንታነን ዝርዝራትን ክህብ እውን ምኻኣልኩ። እንተኾነ እዚ ጸለመታት እዚ፡ ኩሉ ጥዑይ ኣእምሮ ዘለዎ ዜጋ፡ ናብ ሃገር ብተደጋጋሚ እናተመላለሰ ክዕዘቦ ዝጸንሐ ኩነታት ስለ ዝኾነ፡ ምእመናን ተዋህዶ፡ ከም ካልኦት ዜጋታት ናብ ውሽጢ ሃገር ኣብ ዝመላለስሉ ጊዚያት፣ ህዝብና ብሰላምን ፍቅርን ሲኒትን ህይወቱ ክመርሕ፡ ስለ ዝከታተልን ኣጸቢቑ ስለ ዝፈልጥን፡ ነቲ ብሩህ ነገር ክብርህ ጊዜ ክበልዕ ኣይመረጽኩን፡፡

ብዛዕባ መንግስቲ ኤርትራ ናይ ትማሊ ህዝባዊ ግንባር፡ ኣብ ጉዳይ ሃይማኖት እትብል ዘረባ፣ ካብ ኣዝዮም ምሒር ዝጠፈሹ ወገናት፣ ነቲ ኣብ ባይታ ዘየለ ጸገም፣ ካብ'ቲ ኣብ ርእሶም ዘሎ ጸገም መበኣሲ ጌሮም ዘካውስዎ ኢዩ እቲ ዘሎ ጸገም። ህዝባዊ ግንባር ኣብ ህዝቡን እምነቱን ባህሉን ወግዕታቱን ዘለዎ ልዙብን ጥንቁቕን ኣታሓሕዛን ኣይለቀቐን፣ ጸቕጢን ታህዲድን ፈሪሑ እውን ኣይተኣልየን። ካብ ነዊሕ እዋን ኣትሒዙ መትከሉ፣ ንጹር ኣራኣእያ ኔርዎ ኣለዎን። ሰባት ሎሚ ኣብ ዝነበረሩ ኔሮም ብዝዕባ ሃይማኖትን ክብርታትን ተሓለቅቲ ክመስሉ ምፍታኖም ዘሕዝንዩ። እዚ ህዝቢ እዚ ትማሊ-ትማሊ ካብ ገጽ መሬት ክሕከኽ፣ መሳጊዱን ኣድባራቱን ኣብያተ-ክርስትያናቱን ዓድታቱን፣ ብናፓልም ሓዊን ክቃጸል ከሎ ዘስቀጡ ምስሉያት ኣበይ ኔሮም? ዲሒሩ ብወያነ ዝተሰጎ ህዝብን፣ ብሚጋት ወያነ ናብ ዑናታት ዝተለወጠ ኣብያተ-ክርስትያናትናን መሳጊድናን፣ እዚ ሕጂ ፖለቲካዊ መዋግዒ ክገብርዎ ዝፍትኑ ዘለው ክርስትና፣ ሽዑ ዝነበረ ሕጂ ዘሎን እኮ ንሱ'ዩ ኔሩ። ሎሚ ኣብ ኤርትራ ሓድሽ ዝበቆለ ክርስትያን ኣሎና ድዩ? ህዝባዊ ግንባር፣ ኣብ'ቲ ነዊሐ ናይ ጸልማት መዋእል፣ ንድሕነት ህዝቡ ክብል፣ ንማሕበረ-ሰብ ዓለም ጻዊዒት ክገብር እንከሎ፣ ወዮ ድኣ እዘን ኣእዛን እዚተን ከድልየን

Print to PDF without this message by purchasing novaPDF (http://www.novapdf.com/)

ንዘድልየን ዝሰምዓ፣ ኣብ ዘየድልየንን ንዘየድለይን ከኣ ዝልኮኽ፣ እዘን ሕጂ ዝልፍልፋ ዘለዋ ልሳናት እውን ከምኡ፣ ኣብ ዘድለን ዘይድልን ዝልፍልፋ ኮይነን እምበረ፣ ኣብ እዋን ብርቱዕ ቃንዛ ህዝቢ ኤርትራ፣ መን ተዛሪቡ? ሽዑ መን ብጥፍኣት ኤርትራውያን ተሓሊቁ? ቃንዛ ህዝቡ ዝተቐንዘወ፣ ህይወት ህዝቡ ከድሕን ህይወቱ ዝኸፈለ ውድብ፣ ሕጂ'ውን ገና በሰላታት ኩናት ከሕዊ መነባብሮ ከማሓይሽ እናተጓየየ፣ ንኸይስጉም ማሕለኻ ዘጻውዱ፣ ቀጻሊ ተጻብኦታትን ማሕንቆታትን ዝሓላልኹ፣ ገና ልቦም ተሪር'ዩ ዘሎ።

እንተ እዞም ተለኣኣኽቲ'ሞ፣ ነዘን ዘዝረኸብወን ዝቆንቆና ሓሶታት ከከም ዘለወን፣ ከም ሕንጻይ (ፓፓጋሎ) ዘዝተባህለ ገፈጥ-መፈጥ ኣጠራቂሞም ምእመናን ከዳናግሩ ሕጊግ ክብሉ ፣ነዚ ሕጂ ኣትዮሞ ዘለዉ ፖለቲካዊ ታኼላ፣ ኣብ ዝሓጸረ እዋን ክላቀቁ ኢልካ ዘይሕሰብ ኢዩ።

ህዝቢ ነዚ ኣካይዳን ተገባራትን ከም ዝብድሆ እውን ብሩህ'ዩ። ድሮ እውን ኣብ ሓደ-ሓደ ከባቢታት፣ ምእመናን ኣባላትን፣ ኣብ'ታ ናይ ክድዓት "ደብዳበ" እቲ ዝቕድሰሎም ካህን፣ ቀሺ ዳዊት ገብረትንሳኤ፣ ኣብ'ቲ ዝርዝር ናይ ኣስማት ምህላዉ ምስ ፈለጡ፣ ነቲ እተውስደ ኣጸያፊ ስጉምቲ፣ ከም ኩሉ በቲ ኩነታት እተቐጥዐ ህዝቢ፣ ብዝዕባ'ቲ ጉዳይ፣ ስለምንታይን፣ ንምንታይን ከምኡ ከም ዝገበረን፣ ኣብ'ቲ መጀመርታ ጊዜ ኣገልጋሊ ኮይኑ ክሰርሕ ውዕል ኣብ ዝኣተውሉ እዋን፣ ኣብ ፖለቲካ ከምዘይኣቱ ተዋዒሉ ከብቅዕ፣ እዚ ተግባር ድማ፣ ምስ'ቲ ዝተበጽሐ ምርድዳእ ስለ ዘይቃዶ፣ ተሓቲቱ፣ ነቲ ጉዳይ ከምዘይፈልጦ ዝሓተቶ ኣካል ከምዘየለ፣ ከምዘይድግፎ፣ ነቲ ጉዳይ ከምዘይወዓሎ፣ ፌርምኡ ከምዘየስፈረሉ፣ ከምዝቃወሞ ኣፍሊጡ። ብሓቂ ከምዘይወዓሎ ንከረጋግጽ ድማ ሰበኻ ጉባኤ ናይ'ቲ ቤተ-ክርስትያ ከተማ ራቸስተር (ላዕለዋይ ምምሕድዳር ኒው ዮርክ) ፣ ኣብ ቅድሚ ምእመናን ቀሪቡ ኣረኣእይኡን ስሚዒቱን ከብርህ፣ እቕሬታ ክሓትት፣ ተሓቲቱ፣ ከምኡ ኸኣ ጌሩ። ስለ'ዚ እቲ ዝተገብረ ጥልመት፣ ካብቶ ኣብ'ቲ ዝርዝር ኣስማት ሰፊሮም ዘለዉ 'ኣቕሸሽቲ' ገሊኦም'ውን ተመሳሳሊ ሕቶ ከምዘለዎም ዘብርህ ጭብጢ ምኺኑ እፍለጥ።

ኣቀዲመ ከም ዝተንከፍክዎ፣ ካብ'ዚ ዝፈጸምዎ ከቢድ ገበን፣ ብሰንኪ እታ ዝጸሓፍዋ ደብዳበ፣ ህዝቢን ምእመናን፣ ነቲ ብስሞምን ብስም እተን ዝመላለሱለን ኣብያተ-ክርስትያናት፣ ብናታቶም ፍቶትን ፍቃድን ከም ዝረግአ ኣምሲሎም 'ጥርዓን' ዝብልዎ "ደብዳበ" ምቕራቦም ተቆጢዑ፣ ከም ዓቢ ገበንን ጥልመትን ጌሩ ስለ ዝወሰዶን፣ ኣዝዩ ከኣ ነዲሩ ስለ ዘሎን። እዞም ነጋዶ ካብ ዝፈጸምዎ በደላት ንክሃድሙ፣ ኣቃልቦ ምእመናን ናብ ካልእ ክጥምዝዙ፣ ነቲ ብድሕሪ እታ ጥልቅይቲ ደብዳበ፣ ብተኸታታሊ፣ ዝተፈላለየ 'መግለጺታት' ዝብልዎ ናይ ቆይቍ ጽሑፍት ሃላኽ ኢዮም ክጓየዩ ዝርኣኡ ዘለዉ።

1፣ ብመጀመሪታ፣ እታ ኣብ ዕለት 10, ወርሒ ሰነ 2013፣ *"ኣብ ቤተ-ክርስትያን ተዋህዶ እንታይ ይግበር ኣሎ"* ብዝብል ኣርእስቲ ዘውጽእዋ፣ ስግኣት ዝመበገሲኡ ጽሑፍ ዘርጊሖም። ዝርዝራቱ፣ ነቲ ኣብ ሃገራት ኤውሮጳ፣ ብክቡር ኣቡነ ዲያስቆሮስ ርእሰ ጳጳሳት ኤርትራ እናተመርሐ፣ መንፈሳዊ ተልእኮ ዝፍጽም ዝነበረ ላዕለዋይ ልኡኽ ቤተ-ክርስትያን ተዋህዶ ኤርትራ፣ ምስ ምእመናን ዝገብሮ ዕዉት፣ ቅድዊ ሰላማዊ ርክባትን፣ መንፈሳዊ ምምይያጥን፣ ብቕንኢ፣ ዓይኖም ደም መሊእዎም፣ ነቲ ዝተራእየ ዕውት ምትሕቁቓፍ ኮሎኦም ስለ ዘተበርሆ፣ ነቲ ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ዓመታት፣ ኣቀድም ኣቢሎም ኣብ'ቲ ከባቢ ክነዝሕዎ ዝጸንሑ ጸለመታት፣ ዘፈስም፣ ብርሃን ዝኹሎ ዑደት ብምንባሩ፣ በዚ በካሊ ዝኾነ ጽሑፍ'ዚ ኣቢሎም ክብርዝዎ ፈቲናኦም። ነቲ ብሓደ-ሓደ በጋሚዶታት፣ ልክዕ ከም'ቲ ኣብ ዝሓለፈ ሓሙሽተ-ሹዱሽተ ኣዋርሕ ኣብ ኣኼባታት ሓፋሽ ህዝቢ፣ እናሰለኹ ዕግርግራት ክገብሩ ዝተራእዩ፣ ኣብ'ዚ መንፈሳዊ ምትእኽኻብ'ዚ እውን ብደግፍቶም፣ ዝፈሸለ ተመሳሳሊ ሃቀነ ተጌሩ ኔሩ። ነቲ ተግባር ኣብ ከንዲ ብክርስትያናዊ ሕልና ዝኹንኖዎ፣ ከም ዓቢ ወተሃደራዊ ዓወትን ስርሒት ኣመሳሲሎም ኣተዓባብዮም ከንጸባርቕዎ፣ ምስ ቅዱስ ስራሓትን መንፈሳዊ ናይ ነብያትን ተልእኾን ብምዝማዳ ሞጊሶሞ። ከም ኣርኣያ ክውሰድ ጸዊት ኣመሓላሊፎ፣ ዘሕፍር። ህዝቢ ምስ መንፈሳውያን መራሕቱ ምርኻብ፣ ክኹንንዎ ኣብ ዕለታዊ ሰላማዊ ህይወቱ ምትንኳል ድማ፣ ብስም ሃይማኖት ኩናት ምጽሕታር ማለት'ዩ።

2፣ ብዕለት 30, ሰነ 2013፣ ፍሉይ ኣርእስቲ ኣይነበሮን። ዘገርም ግን እቲ ቆይቍ፣ *"ብስም ኣብን ወልድን፣ መንፈስ ቅዱስን፣ ሓደ ኣምላኽ"* ብምባል ኢዩ ዝፍልም። (ከም ኩሉ ዝዘረግሕዎ ናይ ነገር ጽሑፋቶም) ጽብስም ኣምላኽ ዝፍልም ጽሑፍ፣ መንፈሳዊ ትምህርታዊ ሓዘል ክህልዎ ኢኻ ትጽበ፣ ከም ቅቡል እውን ትወስዶ፣ እዞም ዝተሓደሱ ልኡኻን ግን፣ ነቲ ልዑልን ቅዱስን ስም ኣምላኽ ረጊጾም፣ ነቲ ስም "ኣምላኽ ብኸንቱ ኣይተልዕል፣ ወይ ኣይትሓሉ፣ ብሓሶት ኣይትመስክር" ዝብል ቀዱስ ዘይጥሓስ ትእዛዝ ፈጣሪ ግን

Print to PDF without this message by purchasing novaPDF (http://www.novapdf.com/)

እንታዮም ኣይነበረን፣ ነገረ ስለ ዝዓዘዞም ረጊጾሞ። (ካብ መሰኻኽር ኣምላኽ ዘይኮኑ ፍጡራት እሞ፣ እንታይ ትጽበ ድኣ ኮይኑ እቲ ጉዳይ እምበር) ከም'ቲ ኣቀዲመ ዝተጠቀስክዎ፣ ካብ'ቲ ዝፈጸምዎ (ታ'ደብዳበ) ገበን ክሃድሙ፣ ካልእ ሰልበጣታት ክቖማጥዑ ተሃዊጾም ኣለዉ። ኣደናጊሮም ነዛ ነገር ከረሳስዑ፣ መህደሚ ዝጥቀምሉ ሜላታት፣ ናብ ንዝገደደ ፍኹስት ኢዮም ዝምርሹ ዘለዉ።

ኮይኑ ኸኣ፣ "ወሓጥዮ እንተበልክዋስ መሊሳ ትጎስሞ" ዝዓየንቱ፣ ንዑዶት ላዕለዋይ ልኡኽ መንግስቲ ኤርትራ ንምትንኻፍ፣ ብዛዕባ ዓበይቲ ሰባት ምዝራብ፣ ዝዓበዩ ዝመስሎም ወይ ዓቢ ቁዉም-ነገር ዝዛረቡ ዘለዉ ከምስሉ፣ ኣክሮባት ዝሰርሑ ሰባት ስለ ዘይሳኣኑ፣ እዞም "ሃገረ ጥፍሽት" ዘይተባህልዎ ዘረባታት ተባሂልና ክብሉ፣ ናይ ተሰልበጦ ጽሑፋት ዘርጊሖም። ነዚ ዑደት'ዚ ኩሉ ዜጋ ከምዝርድኦ፣ ብሰንኪ'ቲ ዓማጺን ዘይቅኑዕን እገዳ፣ ህዝብን ኣካላት መንግስትን ርክባቶም ንእተወሰነ ጊዜ ተሳንኺሉ ጸኒሑ ኔሩ። ሕጂ ግን ሳላ ውሁድ ጻዕሪ ህዝብን መንግስትን፣ ኩነታት ተመሓይሹ፣ ላዕለዎት መራሕቲ፣ ሃለዋት ህዝቦም ክፈልጡ፣ ምስ ዜጋታቶም ኢሂን-ምሂን ክበሃሃሉ፣ ንዝገብርዎ ምውቕን ሓድነታዊ ርክባትን ዋዕላታትን፣ ኣብ ቅንያት ናይ መበል 22 ዓመት ናጽነት፣ ዝተረኸበ ተስፋን ፍናን ክሳብ ክንድይ ዝኣክል መዓንጣኦም ከም ዝቀረጾም ኢኻ ትግንዘብ። በዚ ፍጻመ'ዚ ብዙሓት ካልኦት ከምኣቶም ዝኣመኡ፣ ብሕርቃን ከምእተሓቑኑ ኣብ ዝተፈላለየ ናይ ዝተጠላቕዩ ጉጅለታት መራበባት ጫቕጫውታ ተሰሚዑን ተርእዩን። ብማዕረ ምስ'ቶም ጽቡቅና ክርእዩ ዘይወሓጠሎም ተጻባእቲ፣ ኣብ ወርሒታት ግንቦት-ሰነ እተሰላሰለ፣ ሲኒትን ሓበንን ዝሰፈኖ ምውቅ ሃገራዊ ምትእኽኻብ ዘባህርሮምን፣ እዞም ተመሃሮ ሓደስቲ ናይ ሃይማኖታዊ ፖለቲካ ድማ፣ ከም ኩሎም ርቡጻት ባእታታት፣ ኣብ ተርባጽን ቅልውላውን ተሸኺሎም ምህላዎም፣ እዚ ዝብተን ዘሎ ጽሑፋት ብልክዕ ነዚ ኢዩ ዘረጋግጽ።

ካብ'ቲ ሓደ-ሓደ ዝሓምይዎ ዘረባታት ድማ ከም'ዚ ይብል፣ "ንወያነን ንመንግስቲ ኣመሪካን ኢዮም ዝሰርሑ፣ ምስ ግብጺ ቤተ-ክርስትያን ዘራኽብ የብልናን፣ ካብ ግብጺ ዝመጸ ታቦት ቅቡል ኣይኮነን" ኢሎም ነቲ ህዝቢ ተዛሪቦም፣ "ኣብኣቶም ከይትዱ፣ ወይ እንተኼድኩም ድማ፣ ነቲ ቤተ-ክርስትያን ባዕላትኩም ሓዝዎ" ኢሎምዎ፣ ዝብል መስሓቅ ድማ፣ ከም ዓቢ ክሲ ኣብ'ቲ ጽሑፍ ሰፊሩ ኣሎ።

ኣእምሮ ዝጠፈሸ ኣተሓሳስባ፣ ንነገራት ብጥዑይን ሚዛናዊ መርእያን ኣስተውዒሉ ክድህስሱ ሓይሊ የብሉን፣ መንፈሱ ስለ ዝተሃመሸ። ከም'ዚ ዓይነት ዝንቡዕ መደምደምታትን ሃለውሎዋትን ከብዝሑ ምዕዛብ እውን ዘገረም ኣይኮነን። ንህዝቢ ብሓሶት ዓይኑ ክትደፍን፣ ንኣረኣእይኡ ክትዕፍን፣ ሒጊግ ምባል፣ መግለጺ ድኻምን ድንቁርናን ድኣምበር ካልእ ትርጉም ወይ ካልእ ፋይዳ የብሉን።

ብፍላይ ኣብ ህዝቢ ኤርትራ መጺእካ፣ ብኽንደይ ሃብታም ተመክሮታት ዝሓለፈ ህዝቢ፣ ነቲ ዝሓልፎን ዝዕዘቦን ዘሎ ፖለቲካውን ማሕበራውን ተጻብኦታት ኮነ ምዕባሌታ፣ ዘልዎ ፍልጥትን ግንዛቤን፣ ሰባት፣ " እዚ ግበር እዚ ድማ ኣይትግበር" ኢሎም ስለ ዝነገርዎ ወይ ስለ ዘይሰበኽዎ፣ ከም ሓደ ገረብ ንፋስ ዝነንዎ፣ ናብትን-ናብዝን ዝወዛወዝን ዝጽሎን ኣረኣእያን ኣካይዳን የብሉን። ኩሉ ዘዋጽኦ ኣጸቢቑ ዝፈልጥ፣ ሓያል ፍህመት ዝውንን ህዝቢ ምዃኑ ዝረስዑ ግን ምናልባት።

መራሕቲ መንግስቲ ኤርትራ ድማ ካብ ሕቑፊ'ዚ ሓፋሽ ዝወጹ፣ ናቱ ስለ ዝኾኑ፣ ነዚ ባህላዊ ሃብቲ እዚ ኣረጋጊጾም ዝፈልጡ መራሕቲ ኢዮም። ንህዝቦም ክጥብሩ ተሃንዲዶም ኣይፈልጡን። ኣብ ኣገዳሲ ሃገራዊ ሓባራዊ ምዕባሌታት ሃገር፣ ሓበሬታ ንዘድልዮ ጉዳያት፣ ብቅንዕናን ሓልዮትን ኸሕብሩ ከፍልጡን፣ ሃናጽን ኣስተምህሮታት ከካፍሉ ግብኦም ኢዩ። ካብኡ ዝተረፈ፣ ብዛዕባ 'ሃገረ ስብከት' ውራይና ኢሎም ክዛረቡ ውዒሎም ኢልካ፣ ብዛዕባኻ ዘየተዘርበ ዘረባ። "ተዛሪቦሙለይ" ኢልካ ንነብስኻ ከተታዓባቢ ከም ከበሮ ክትንፋሕ፣ ወርቃዊ ጊዜኦም ምቅጻል'ዩ ዝኸውን። ኩነታት ከም'ኡ ከምዘይነበረ ድማ ኩሉ ሰብ እንተነገሮም ጽቡቕ እመስለኒ። መቃባበል'ቲ ኣብ'ቲ ሃገራዊ ዘተ ሰሊኾም ወረ ክሰንቁ እንተኔሮም ድማ፣ መርመራ ኣእዛን የድልዮም ኣሎ።

3፣ ሳልሳይ ጽሑፍ ኣከታቲሉ ዝወጸ፣ ብዛዕባ ዝንቡዕ ኣጠማምታ ሃገራዊ ኣገልግሎት ኣመልኪቱ፣ ምስ ጠንቂ ፍልሰት መንእሰያት ኣተሓሒዙ፣ ሓቂ ከህስስ፣ ኣብ ኣእምሮ ሰባት ግጉይ ግንዛበ ክቕረጽ እተዘርግሐ መግለጺ፣ ብ5 ሓምለ 2013፣ ***"ክህነትን ብረትን ኣብ ዝባን ሓደ ሰብ"*** ብዝብል ኣርእስተ ሲዒቡ ወጺኡ ኔሩ። ትሕዝትኡ ብሕጽር ዝበል፣ መንእሰያት ኣቕሸሸቲ ኣብ መንፈሳዊ ኣገለግሎት ዝሳተፉ፣ ካብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ነጻ ክልቀቁ ኣለዎም፣ ጾር ከቢድዎም ተረኺሚሾም፣ ቤተ-ክርስትያናት ኣገለገልቲ ሲኢነን፣ ብሰንኪ'ዚ

Print to PDF without this message by purchasing novaPDF (http://www.novapdf.com/)

ተዓጽየን ክብል፣ ጸሓፋይ ቀሲስ ሓለፎም ዓንደብርሃን ካብ ከተማ ቻርለት፣ ትርኩ-ምርኪ ዘረባታት ኢዩ ከናፍስ ሃቂኑ። ናውቲ ሕድሪ ብድሕሪኡ ዛሕዚሕዎ ዝተዓዝረ፣ ወፈሩ ከየድመዐ ጽሓይ ዝዓረበቶ።

ኣቀዲም ኣበጋግሳን ዕላማን ሃገራዊ ኣገልግሎት ብሓባር ክንርእዩ ናብ ኣገዳስነቱን ዕላማታቱን ክወስደኩም። መሰረታዊ ዕላምኡ፡ ምህናጽ ሃገርን ሃገራውነትን፡ ምምስራትን ምዝርጋሐንን ምዕቡል፡ ምዕሩይ፣ ንኹሉ ብሓባር ዝባጻሕ ነባርነት ዘለዎ፡ ማሕበረ-ቁጠባዊ ስርዓት፡ ራህዋን ቅሳነትን ዝሰፈና ብልጽግቲ ኤርትራ፡ ሓያል ዘይትድፈር ሃገር ክውን ንምግባር፡ ሓደን ኣመራጺ ዘይብሉ ቅኑዕ መንገዲ ምዃኑ ንሳማማዕ።

በቲ ንቡር ኣካይዳን ኣህግራዊ ደገፍ ኣብዘይብሉ፡ እንተተረኽበ እውን። ነቲ ብሉጽ ክብርታትና ዝቆጺ ኣሉታዊነቱ ካብ'ቲ እወታዊ ሸነኹ ስለ ዝብእስ፡ ነቲ ቅኑዕ ናይ ርእሰኻ ምኽኣል መተከላዊ ጎደና፡ ከቢድ ግን ከኣ ብጭቡጥ ናብ ምሉእ ሓርነት ዘደይብ መሳልል፡ ነቲ ኣፍራይ ዓቅሚ መንእሰይ ብግቡእ ኮስኩስካ ኣሰሊፍካ ምኻድ ፍቱን እስትራተጂካዊ ብልሕን ኢዩ። ኣብ ከም'ዚ ዓይነት ኣማራጺ ዘይብሉ ኩነታት ሃገር፡ ክትከላኸልን ከተልምዕን፡ ዝውሰድ ከቢድ ውሳነ፡ ቀሊል ኣይኮነን። እዚ እንተዘይኮይኑ ግን፡ እቶም ንሰላሳ ዓመት ኩሉ ዓይነት ኣደራዕ ጸይሮም፡ ክሳብ ሕጂ እውን ብኒሕ ጸኒዖም ዘለዉ ተጋድልትና፡ ነዊሕና ኢሎም ሃገር ንዋያ ኣሕሊፎም ኣይሃቡን።

ቀሲስ ትማሊ ሕልና ኣዕሪቡ፡ ሎሚ ከኣ ጸንቂቅወን፣ ብቀጻሊ ከንቆልቁል እውን ናይ ግድን ኢዩ። ዓለም ከም'ዞም ዓይነት ሰባት ብዙሓት ርእያን ኣርእያን። ስለ ዝኾነ፣ ኣብ'ቲ ናይ ክድዓት ዝርዝር ኣስማት፣ ስሙ ኣስፈሩ ክትርእዮ ዘገርም ኣይነበረን። ካብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ሞሊቁ ሱዳን፣ ድሓር ከንያ ዝኾብለለ፣ ኣብ ከንያ ዝተፈላለዩ ዜጋታት፣ ክሳብ'ዚ ዘለዎ ሃገር ዝኣቱ፣ ኣብ'ቲ ዘለዎ ቤተ-ክርስትያን ኣገለግሎት ክህብ፣ ካብ ከተማ ኒው ዮርክ ዝተሓጋገዝዎ ሰብ ጽብቐ ምህላዎም እፍለጥ። ኮይኑ ግን ከም'ቲ ኣቀዲመ ዝጠቀስክዎ፣ ሓደ ካብ'ቶም ተልእኾ ሃገራዊ ኣገልግሎት ንከይዕወት፣ ብጎንፊ ሃይማኖታዊ ተሓድሶ ዝተለኸፉ ባእታት ዘንጸባርቕዎ ጠባያት ዝተኾልኮለ ምዃኑ፣ ንከተለልዮ ኣየጸግምን። ነቲ ዝተቆጽየ ንጥፈታት ኣብ ዘዝኸድዎ ከባቢ ክቅጽልዎ ዕድል ዝህብ ኣጋጣሚታት ዝረኸብሉ ድማ ድሕር ኣይብሉን። ኮይኑ ኸኣ ነቲ ኩቡር ሞያ ካብ ጸቢብ ረብሓ ዝነቀለ ድኹም መረዳእታን ፍልጠትንን ተበጊሱ ንከማራስሕ፣ እመራሳሕ ኣሎ እየ ዝብል ብወገነይ።

ኣገዳስነት ሃገራዊ ኣገልግሎት ንመንእሰያት ኤርትራ፣ ሓደ ካብ'ቲ ዘሐብን ኤርትራዊ ምህዞ፣ መሰረትን ዓንድን ዘይንቅነቕ ህላወን ስለ ዝኾነ፣ ሎሚ ሃገራት ኣፍሪቃ በቢቁሩብ፣ ነዚ ስነ-ፍልጠታዊ ዘኹርዕ ኣብነት፣ ብልጭኡ ኣስተውዒለን፣ ክቀድሕኦን ከተኣታትዋኦን ተበግሶታት ክወስዳ ንርኤን ኣሎና።

ኣምላኽ ኣብዛ ክንነብረላ፣ ብእተማልአ ጸጋታት ዝዘቕበብት ዓለምና፣ ብቅንዕና ሰሪሕና፣ ጉልበትናን ረሃጽናን ኣፍሲስና፣ ናብራናን ህይወትናን ክንመርሕ ኢዩ ቅዱስ ጽሑፋት ዝምህረና። “ኣቕሸሽቲ ኮፍ ኢልኩም ኣራጢጥኩም ብልዑ ዝብል” ትእዛዝ ኣየማሓላለፈን። እኳድኣ፣ ኣቕሸሽቲ ኣርኣያን መራሕቲን፣ ተሰከምቲ ናይ ኩሉ ስነ-ምግባራዊ ጠባያትን ኣካይዳን ክኾኑ ይግባእ። ክልት ጾር ዘይኮነስ ኣርባዕተ ጾር ክስከሙ ይግባእ። ንነብሶም ኣሕሲሞም ንኻልእ ክጥዕሞ ክጽዕቱ ከጋደሉ። ንዝሓመመ ከጻናንዑን ክድብሱን፣ ንዝተወጽዕ ንዝደኸመ ክኣልዩ፣ ቃል ኣምላኽ ምንጋር ጥራይ፣ ብዘይ ግብራዊ መሰነይታ ኣኻሊ ኣይኮነን። ናይ ቀደም ሓቀኛታት ኣቕሸሽቲ፣ ከም ህዝቦም እናሓረሱን እናጎልጎሉን እናነደቑን፣ ህይወቶም ይመርሑ፣ ማዕረ-ማዕሪኡ ድማ መንፈሳዊ ኣገልግሎት ይዓሙን ኔሮም። መንግስትን ህዝብን ኤርትራ ንሃገራዊ ኣገልግሎት፣ ብመንጽር መንፈሳውን ምድራውን ሕግታት፣ ብቁኑዕ ሕልና ኣረኣእያን ክምዘን እንከሎ፣ ልዕሊ እቲ ኣጠማምታኡን ኣተሓሳስብኡን ዝከይድ ዓቢን ዕዙዝን ተልእኾን ገስጋስን፣ ንጽባቀን ራህዋን፣ ካብ ተጸባይን ተመጽዋትነትን ሓራ ኮይንካ ነብስኻ ምኽኣል፣ ኣምላኽ ዝፈትዎ ተግባርን ትእዛዝን ባህላዊ ውርሻታትናን ኢዩ ዘሰላስል ዘሎ። ኣምላኽ ለሚንካ ብላዕ ኣይበለን። ወይ ብቃላተይን ጥቅስታተይን ሰባት ኣተዓሻሺኹም ብልዑ ዝብል ንፍጥራቱ ትእዛዝ ኣየመሓላለፈን። ሳላ ትምህርቲ፣ ሎሚ ዝኾነ ፍጡር ንመጽሓፍ ቅዱስ ጊዜ ወሲዱ ከንብብን ክርዳእን ብቅዓትን ኣኻኣሎን ስለ ዘሎ፣ ነቶም ብሕልና ተገዚኦም

Print to PDF without this message by purchasing novaPDF (http://www.novapdf.com/)

ቅንዕና ዝመላለሱ ንዝገብርዎ መንፈሳዊ ኣገልግሎት፣ ጽቡቕ ክቕጽልዎ ቅኑዕን ቅቡልን ኢዩ። ኤርትራ እኩል ዓቕምን ብቕዓትን ዘለዎም




ኣገልቲ ኣለዉዋ። ብዘይ ስክፍታ።

ቀሲስ፣ ነቲ ክፍሊት ቤተ-ክርስትያን ጥራይ ይኣኽለኒ ኢልካ ግን፣ ካብ ታክሲ ምዝዋር ኣየቛርጽካን ስራሕ ጠጠው ኣየበልካዮን፣ ጁባኻ ከተህጥር ትጓየ ኣለኻ። እዛ ሽናዕ እትብለላ ዘለኻ ኣመሪካ፣ ነዚ ሕጂ ተሃኒጹ ዘሎ ርቡሕ ቁጠባዊ ትሕዝቶን ትሕተ-ቅርጻን፣ ኣብ ዝተናውሐ ዘበናት ብደፋእታ ተዋህሊሉ ዝተነድቀ፣ ሰባት መስዋእት ከፊሎም ኢዮም መስሪቶሞ። ኩሎም ዜጋታታ፣ ብሓባር ኢዮም ወዲቆሙላ፣ ቀሺ በል ዓለማዊ በል፣ ኩሉ ሚልሻ ኮይኑ ብንዋቱ ብጉልበቱ ግዴታኡ ኣገልግሎት ፈጺሙ። ተሃኒጹ ዝጸንሓካ ድልድላትን ጽርግያታትን ብጸሎት ጥራይ ኣይኮነን ተጋሂዱ።

ብጻዕሪን ተወፋይነትን መንእሰያትና ኣብ ሃገራዊ ምክልኻልን ኣገለግሎትን ዝተኸስተ ታሪኻዊ ፍጻመታት፣ ሓደ ካብቲ ዝዓበየ ዘሐብን ቦታ ዝሓዘ ቅርሲ፣ ውሑድ መወዳድርቲ ዘለዎ ኢዩ። እዛ ሃገር ብዓመጽቲ ኣይተደፍረትን፣ ቁጠባውን ማሕበራውን ገስጋሳት ተረጋጊጹ፣ ንክንርኹመሽ ዝተጠጀ ሽርሕታት፣ ዝተውስደ ናይ ኣባይ ውጥን ፈሺሉ። እተን እንቕድሰለን ኣብያተ-ክርስትያናትን እንሰግደለን መሳጊድን እውን፣ ከይድፈራ ብደም ኢየን ቀይመን ዘለዋ። ንጽባሕ እውን እንተኾነ ከምኡ።

ካብ'ዚ ጅግንነታዊ መሳርዕ፣ ሕልና ኣዕሪቡ ዝኸሓደ፣ ሓደ-ሓደ ንጣርያ ከም'ዚ ዓይነት ቁዛመን፣ እንግድዓይ ጾር በዚሕዎ፣ ቀሚሽ ኣደይ ሓንኩሊኒ ዝብል ምቁዝምዛም፣ ካባኻ ምኽሪ መብርህን ዝጽበ ኣካል ከምዘየለ፣ እንታይ ደኣ ኣብ'ቲ ናይ ምድህሃር ጓይላ ዝያዳ መቀጻጸሊ ነዳዲ ከተፍስስ ምሕሳብካ፣ ንኣቃራርባኻ ከም ዕርቃን ሕልና ኢየ ዝግምግሞ።

4፣ ብዛዕባ ምሕዳስ ሃይማኖት ተዋህዶ ዘሎኒ ርድኢትን፡ ብታሕተ-ታሕቲ ዝፍሓቑ ዘሎ ወግዕን ስርዓትን ቤተ-ክርስትያን ተዋህዶ ኣብ ዘሰክፍ ኩነታት በጺሑ ዘለወሉ፣ ጠመተ ዘድልዮ ነጥብታት ቅድሚ ወስ ምባለይ፡ ንድሕሪት ሕያለ ዓመታት ዝገበረ፣ ናብ ሓደ ኣደናቒ ታሪኽ ክወደኩም እሞ፣ እታ ታሪኽ ንባዕላ ነዚ ዝፈታትነና ዘሎ መልከፍቲ ክትምልሶ ትኽእላ ኢያ ዝብል እምነት ኣንብር።

እዚ ታሪኽ ካልኦት ዝያዳ ዝፈልጥዎ ኣለዉ፡ ካብ ወግዒ ሓደ ኣቦ ኢየ ተለቂሐ ዘለቃሓኩም ዘለኹ። ለቅሓኹም ክትከፍሉ፣ ንኻልኦት ብምትሕልላፍ ጥራይ ኢዩ።

እተፈጸመሉ ስፍራ ኣብ ከበቢ ጸዓዘጋ ዘለዋ ዓድታት ኢዩ። እዋኑ ብትኽክል ንምፍላጡ እኳ እንተዘይተኻእለ፡ ብግምት ግን፣ ቁሩብ ዓመታት ቅድሚ ምምጻእ መግዝእቲ ኢጣልያ ኣብ ኤርትራ ኢዩ። ቀሺ ስሸንሰን ዝተባህለ ሚስዮናዊ ሽወደናዊ ዜጋ ኣብ'ዚ እተጠቕሰ ከባቢ፡ ናይ ወንጌል ስብከት ክዝርግሕ ኣብ ዝመጸሉን ዝንቀሳቀሰሉን ዝነበረ እዋን፡ ምስኡ ካብ ሃገር ስዊድን ዝመጸ፣ ኣብ ሕክምናዊ መዳይ ንቀሺ ስሸንሰን ዝተሓጋገዞ ብዕድመ ንእስ ዝበለ መሳርሕቱ ሰብ። ኣብ'ቲ ከባቢ ዘለዋ ዓድታት እናተንቀሳቀሰ ድማ ንዝተፈለለየ ሕማማት ዝተጎድኡ፣ ሓገዝ ንዝደልዩ ዜጋታት ኤርትራውያን ንምሕጋዝ ይነጥፍ ኔሩ። ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ፣ ልሙድ ዕለታዊ ንጥፈታቱ ከሰላስል፡ ካብ ጸዓዘጋ ካብ ደቂ'ቲ ዓዲ ከም ተሓጋገዝቲ ሰብ ኣኸቲሉ ናብ ካልእ ጎደቦ እናተጓዕዘ እንከሎ፡ ንእግረ-መገዱ እናሓለፈ፣ ካብ ሓንቲ ዓዲ ዝቕመጣ ብዙሓተ ኣንስቲ፡(ኣዴታት)ነጸልአን ዲግዲጊት ዓጢቀን ብእኩብ ናብ ሓደ ብርኽ ዝበለ ስፍራ ብሓባር፡ ብህድኣት ክጓዓዛ እንከለዋ፡ ጥምት ኣቢሉ፡ ቅድሚ እቲ እዋን'ቲ ድማ ተዓዚብዎ ዘይፈልጥ ምርኢት ስለ ዝኾኖ፡(ነቲ ነጸላ ኣብ ሕቖአን ዲግዲግት ምዕጣቀን) ተገሪሙ፡ ነቶም ምስኡ ዝነበሩ፡ እንታይ ዝኾና ኢየን? ናበይ ከ ይኸዳ ኣለዋ? ኢሉ ይሓቶም። እቲ

Print to PDF without this message by purchasing novaPDF (http://www.novapdf.com/)

ምስኡ ዝነበሩ ድማ፡ “ሎሚ ክረመቲ ማይ ደንጉዩ ኣሎ፡ ዘራእቲ ደንጉዩ፣ እሞ፡ ክጽልያ ክምህለላ ናብ'ቲ ገዳም ይኸዳ ኣለዋ” ኢሎም እምልስሉ። እቲ ስዊድናዊ ንሰማይ እናጠመተ፡ ኣይ! ንኣምላኽ ምምህላል ጽቡቅ ኢዩ፡ እንተኾነ፡ “ብምጥርጣር” እንድዒ ክንደየናይ ከይምሰለልን፣ ኢሉ ይምልሰሎም። እቲ ሰብ ኣብ ርእሲ እቲ ናይ ሕክምና ፍልጠቱ፣ ብዛዕባ ምርምር ስነ-ኣየር ኣፋልጦ ስለ ዝነበሮ ኢዩ ከምኡ ዝበለ። ድጊሙ ናብ ዙርያኡ እናተዓዘበ፡ ብድንጋጸ “መስኪን” ብምባል መገዱን ስርሑን ይቅጽል። ኣዴታት ድሕሪ ሰዓታት፣ ኣብ እዋን ኣጋግ ግዘ ጸሎተን ኣዕሪገን ንዓዲ ይመለሳ። ክምለሳ ምስ ረኣየን ድማ፣ ደጊሙ ክሳብ ሕጂ ኣብኡ ውዒለን? ኢሉ፡ ደጊሙ ንሰማይ እጥመት፡ ብርቱዕ ጸሓይ ዝዓብለሎ ሰማያት እቘመት፣ “መስኪን” እብል እንደገና። ድሕሪ ኣስታት ሓደ-ክልተ ሰዓታት ግን፡ በዚ መጺኡ ዘተባህለ መሬት ብደብና እሽፈን፣ ጽቡቅ ማይ ድማ ይዘንብ። ሰብእይ ነዚ ትእምርቲ ምስ ረኣየ፣ ዝገደደ ይግረምን ምስ ሕልንኡ ድማ ይመራመር። ነቲ ፈሊጠ ኢሉ ዝሃቦ መደምድምታ ከምዘይፈለጥ፣ ይፈልጥ። ስርሑ ኣቃሪጹ ድማ ናብ ቀሺ ሲቨንሶን እምለስ። ከም'ዚ ድማ ይብሎ፣ “ኣነ ካብ ስድራይ ተፈልየ ንኣሽሓት ኪሎመተራት ተጓዒዘ ዝመጻእኩ፡ እግዚኣቢሐር ንዘይፈልጡ ወንጌል ክሰብኽ ቃል እየሱስ ክርስቶስ ከስምዕ ኢለ ኢየ ተጓዒዘ ይብለ፡ ሕጂ ኣነ ነዞም ህዝቢ እዚኣቶም ምስ ኣምላኽ ዝዛረቡ፡ ብጸለቶም ተኣምር ዝሰርሑ ህዝቢ ክምህር፡ ቃል ከስምዕ  ሓይሊ ኣይውንን ኢዩ፡ እሞ ናብ ካልእ ስደደኒ” ኢልዎም እበሃል። ቀሺ ስቨብሶን እውን ከም'ቲ ምርጭኡ ጌርሉ ናብ ካልእ ሃገር ኣፍሪቃ ተላኢኹ።


ኣዴታትና ምስ ኣምላኽ ዝማኽር ልቢ ዝውንና'የን!

እወ! ነዚ ህዝቢ እዚ፣ ኣብ ዝሓለፈ ጽንክር ናይ ሰብዓ ዓመታት፣ በቲ ሓደ ኢዱ ንጸላእቱ መኪቱ፣ በቲ ሓደ ኢድ ድማ መጻሕፍቱ ሒዙ ጸሊቱ፣ ትእምርቲ ዝፍጽም ህዝቢ፣ ንንጽህናን ጽሬትን ሃይማኖቱን እምነቱን፡ መን'ዩ ድኣ ሕጂ ኣብ ሕቶ ምልክት ዘእቱ? መን ኢዩ ንጽሬትን ዘይጽርየትን ዘማጻርን፣ መለክዕን መምዘንን ቅጥዕታት ዘውጽእ? ፍቃዳት ዝህብን ዝኸልእን? ከም'ዚ ዓይነት ክስተታትን ትእምርቲ ዘግህድ ሃይማኖትን እምነትን፡ እንታይ መንቅብ ስለ ዘለዎ? ንመን ረብሓ ኸ? ክንሓትት እግባእ። እቲ መልሲ እውን ኣብ'ቲ ዛንታ ረኺብክምዎ ክትኮኑ ተስፋ እገብር።

እቲ ኣርእስቲን ብዝዕብኡ ብዙሓት ተመራመርቲ ዝግባእ ትንተናን፣ ኣቀዲሞም ዝግባእ መብርሃን ሂቦምሉ ኢዮም፡ ኣነ ከም ዝርድኣኒ ግን፡ ኣመጻጽን ወራርን ናይ'ዚ ሃይማኖታዊ ፖለቲካ፡ ቅዳሕ ናይ ካልኦት ኣካላት ካብ ግዳም ዝመሓደርን ዝምወልን ምንቅስቃስ እየ ዝብሎ። ዋናታት ኣለውዎ ዘበጋግሱን ብናይ ርሑቅ መቆጻጸሪ ዝከታተልዎን። ነቲ ዘይተበከለ ጽኑዕ ሃይማኖት ናብ'ዚ ህዝቢ'ዚ ነቲ ዝደልይዎ ፖለቲካዊ መቀይሮ ከም መሳርሒ ክጥቀምሉ ስለ ዘይከኣሉ ጥራዩ ኢዮም ድማ ድፊኢት ዝገብሩ ዘለዉን ዝነበሩን። ከመይ እንተድኣ ተባሂሉ፡ እቶም ነዚ ወራር እዚ  ዘበገሱ፣ ካብ 1993 ኣትሒዞም፡ ኣብ ውሽጢ መንእሰያትና ሰፊሕ መደባት ሰሪዖም ተንቀሳቂሶም። እቲ እዋን፣ ኣብ ድሮ ናጽነት፡ ገና መሬት ከይተረጋግኤ፣ ነቲ መንእሰያትና ኣስሪጾሞን ኣማዕቢሎሞን ዝነበሩ ዕጥቂ ፖለቲካዎ ንቅሓትን ሃገራዊ ፍቅርን፡ ነታ ሃገር ዓቢ ርእሰ-ማል፣ ዋሕስን ዘይንቕንቅ መከላኸሊ መጻኢት ኤርትራ ስለ ዝነበረ፡ ነቲ ኩነታት ዘይተበርሆም ኣካላት፡  ህዝብና ኣብ'ቲ ናይ ኣርባዓታት ዝነበረ ኩነታት፣ ኣብ ሃይማኖታዊ ቁርቁስ ኣትዩ ነንሕድሕዱ ክፋለስ፣ ኣቀዲሞም ሓሲበምሉ ዝጸንሑ፡ ንነዊሕ ዝኸይድ ሓደገኛ መደብ ኢዩ ኮይኑ ዝረኣየኒ። ኣየነበረን ዝብል እንተሎ ድማ ይምጻእ።

ምሕዳስ ዝብል ቃል። ከም ቃል ወሲድካ፣ እታ ሓዳስ እትብል ቃል ኣይትጽላእን ትኸውን። ሃይማኖት ናይ ሓደ ህዝቢ ኣልዒልና ክንዛርብ ግን፣ ብዛዕባ ባህሊን መንነትን ናይ ሓደ ህዝቢ ምዝራብ ማለት ኢዩ። ፓተንቲ፣ መምርሒ ፍቃድ መኪና ኣብ ዓመታት እሕደስ እኸውን፣ ባህሊ ናይ ሰባት ግን፣ ቅጥዒ ሲኢልካ ኣብ ዘዝጥዕመካ ከተሐድሶ ማለት ኣይኮነን። ብዛዕባ መንነት ንዛረብ እንተሃሊና ድማ፣

Print to PDF without this message by purchasing novaPDF (http://www.novapdf.com/)

ነዚ ኤርትራዊ መለለይን መንነትን፣ ካብ ዓዲ እንግሊዝ ወይ ፈረንሳ..ወዝተ...ዘዝቀዳሕካዮ ቅድታት ኣብ ሓደ ንዘበናት ዝዓቀብናዮ መለልዩና ዝኾነ ሕፉርን ኩቡርን፣ ብጥንታዊነቱ ዝፍለጥ መንነት ዝውንን ህዝቢ፣ ኣዳህሊልካ ከተዳናግር፣ እንተዘይ ኣረጋገጽክዎ ኢልካ ኣብ ኩነኔን ባእስን እትኣትወሉ፣ መዓልቲ-መዓልቲ፣ 'ክርስትያን ተበዲሎም' ኢልካ ንህዝብን መንግስትን ከተጸልም፣ መርኣያኡ ገበን ጥራይ ኢዩ።

እዞም 'ብስም ሃገረ ስብከት' ዝፍለጡ ሰባት፣ ነዚ ቅኒት'ዚ እደግሙ ከይህልዉ። እቲ ኣብ ኣብያተ-ክርስትያናት ዝዝውተር ኣገባብ ቅዳሰን፣ ኣብ መንእሰያት ዝካየድ ዘሎ ጽዑቅ 'መንፈሳዊ ትምህርቲ፣ ዘቅምስኦም ዘለዉ ኮለጃትን' ንዘመናዊ ኣካይዳን ወግዕታትን ንምሮዓም ዝግበር ኣካይዳ፣ ኣብ ሕቶ ዝኣቱን፣ ጽባሕ ንቅዱስን ብሉጽን ወግዕታት ህዝቢ ዝብክል ከይከውን፣ ኣዒንቲ ዜጋታት ዝያዳ ቋሕ ክብላ፣ ዘተሓሳስብ ግዜ ኣብ ቅድሜና ተገቲሩ እንሆ።

ምስ ግዚያውነትን ክትጣበቅ፣ ደድሕሪ ስልጣኔን ዘብዘብ ምባል ብዘይ እኹል ኣፋልጦን ቅኑዕ ግንዛቤን፣ ኣብ ሓደ እዋን ኣብ ህጉም ዘእቱ መፈንጠሪያ ከይከውን። ከመይ'ሲ ባህልኻን ነጻን ርትዓውን ኣካይዳኻን እንተ ደርቢኻ፣ ብናይ ካልኦት መገዲ ክትማላለስን ክትድፋእን ዕድል እንተከፊትካ፣ ጽባሕ ንግሆ ዘዝበሉኻ ክትገብር፣ ነዚ እንዕዘቦ ዘሎና፣ ናይ "ሓደ ጾታ" ዝኾኑ ፍጡራት፣ ቃል ኪዳን ከተእስር እውን፣ ንዝእዙዝልካ ዘበናዊ 'ምዕቡል' ፈውሲ ክትውሕጥ ክትቅሰብ ኢኻ ማለት'ዩ። ኣብ ዘበናውነት ባዶ ኢድካ ዘይኮነስ፣ ናትካ ክብርታትን ትሕዝቶን ምስ ዝህልወካ፣ ናተይ እትብሎ ሒዝካ ምስ እትጽንበር ጥራይ ኢኻ፣ ትኸበርን ትሕፈርን።

ናይ ካልኦት ከም ዘለዎ ከይመርመርካ ምቅዳሕ፣ ምዕቡላት ኢልካ ጥራይ፣ ኣብ ኣእምሮኻ ስለ ዝተቀበልካዮም፣ ኩሉ ዝብልዎ ቅኑዕ ማለት ኣይኮነን። ኣብ ግብጺ ዝጸንሐ ሃይማኖታዊ ፖለቲካ ነዚ እንሐልፎ ዘሎና ኣሰቃቒ ኩነታት። ነዳዲ ወሲኹሉ፣ እዞም ብኣና ዝወራዘዩልና ዘለዉ መራሕቲ ሃይማኖት ኦርቶዶክስ፣ ከም'ቶም ካልኦት ብማዕረ ይሕተትሉ። (ጸሎት ነጻልቶሎም ኢለሙኹም ኣለዉ) ንሕና ድማ ኣብ'ዛ ልዕሊ ዓቅምና ደም ዝኸዓናል መሬት፣ ከም'ዚ ዓይነት ኩነታት ከነጣጥሕ፣ ብስም ተሃድሶኣዊ ሰበኻታት ሓዊ ክነድድ ክንርኢ ፍቃድና ኣይኮነን። መንግስትና እዚ ሓደጋ'ዚ ተገንዚቡ ዝወስዶ ስጉም'ቲ እውን፣ ኣነ ከም ኩልኻትኩም፣ ኣገናዕ ኢየ ዝብሎ።

ብዛዕባ እዚ ኣርእስቲ ብዙሕ ዝበሃል ከም'ዘሎ እትስሕትዎ ጉዳይ ኣይኮነን፣ ምሕዳስ ግዳማዊ መልክዕ ናይ ሓደ ሃማኖት፣ ኣብ ቅድሚ እግዚኣቢሔር ዘጽድቅ፣ ወይ ዘሕጥእ መሰረታዊ ለውጢ የብሉን። ኣምላኽ ናይ ልቢ ኢዩ ዝርኢ ንዝብል ጥቅሲ እንተድኣ ተሰማሚዕና፣ ብኦርከስትራ እንተዘይተወዲሱ፣ ዳንኬራ እንተዘይተጌሩ ኣይሰምዕን ኢዩ ዝብል ፍጡር፣ ኣበየናይ መጽሓፍ እዛረብ ኣሎ እንድዒ።

<u>ዝኸበርኩም ኣምበብቲ፣ ሓሳባተይን ርእይቶይን ቅድሚ ምጥቃላለይ፣ በዘን ዝስዕባ ቁም-ነገራት ክሳናበተኩም ፍቀዱለይ፣</u>

1፣ ኩልና ከም እንፈልጦን እንሕበነሉን ዝጸንሐ ባህሊ ናይ ኣፈታትሓ ጸገማት፣ ህዝብና ኣብ መንግኡ ንዝፍጠር ዘየረዳድእ ነገራት፣ ማሕበራዊ ኮነ ፖለቲካዊ፣ ይዕበ ይንኣስ ብዘየገድስ ብምጽውዋርን ብስለትን ልቦናን ክፈትሕ ዝኽእል ምዃኑ፣ እኩል ተመክሮን ታሪኽን ኣለዎ። (ኩነታት ኣርባዓታት..ሓምሳታት..ስሳታት ወዘተ..) ሕጂ እውን ዘየሳማምዕ፣ ኣሎ ዝበሃል ነገር እንተደኣ ሃልዩ፣ ብግቡእ ብቅንዕና ግዜን ኩነታትን ኣብ ጊዜ ኣእቲኻ፣ ኣብ ውሽጥና ክፍታሕ፣ ምእማንን ምጽዓርን ይግባእ። ንውሽጣዊ ንጉዳይና፣ ኣብ ዝጠቅምን ዘይጠቅምን፣ ኣብ ዝሰርሕን ዘይሰርሕን  ዘባውን ኣህግራዉን ኣኼባታት፣ መጋበርያን ወሲድካ ፍታሕ ክናደየሉ ኢልካ ምሕሳብ፣ ተመሊሱ ኣንጻር ህዝብን ሃገርን ክኸውን፣ ጉዳይክ ንዋያ ኣሕሊፍካ ምሃብ ጣዕስኡ ድማ መሪር ኢዩ ክኸውን። (ኣብነታት ናይ 1952 ውሳነ ሕቡርታ ሃገራትን፣ እዚ ኣብ 2009 ብቤት ምኽሪ ዝሓለፈ ውሳነ እገዳን ህያው ኣብነታት፣ ነዚ ኣብ ጀነቫ ተጥጂኡ ዘሎ ሓድሽ ክስታትን) እዚ ትካላት እዚ፣ ካብ'ቲ ዝተበገሰሉ ሓዲድ ኣንደልሂጹ፣ መጋበርያ ሓያላት ካብ ዝኸውን ጊዜ በሊዑ ከምዘሎ፣ ትምህርቲ ዘድልዮ ሰብ ዘሎ ኣይመስለንን። ብስም 'ሰብኣዊ ምትእትታው' (ሁማኒታሪን ኢንተርቨንሺን)፣ ምእንቲ ምእላይ 'ዲክታተራት' ተባሂሉ ዝውሰድ ዘሎ ወታሃደራዊ ዕንደራታት፣ ውጺኢቱ ሞትን ቃንዛን ናይ ሚልዮናት ኣህዛብ፣ ሃገራት ኣብ ዘሕዝን ኩነታት ወዲቅን ኣለዋ። ኣብ ኤረትራና ነዚ ዘሕንኽ ውርደት ዝለኣኣኹ ኣለዉና፣ ኣብ ጎረባብቲ ሃገራት ወግሐ-ጸብሐ ነገራት ዝሓናኽሩ፣ 'ጥርዓናት' ዝጠልቡን ዝማህለሉን፣ ዕድል ዘይምሃብ።

Print to PDF without this message by purchasing novaPDF (http://www.novapdf.com/)

2፣ እዚ ዝተዓዘብናዮ ለከፍከፍ፣ ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ጽንኩ እዋን፣ ማለት ካብ 2009 ንድሓር፣ ኣንጻር 'መንግስቲ' ተባሂሉ ዝተበጽሐ ሕሱር ውሳነ እገዳ፣ ኣንጻር ህዝብናን ሃገርናን ዝቀንዐ ሃሳዩን ዓማጽን ወስታ፣ ኣብ'ዚ ከባቢ ዝነብር ህዝቢ ኣቀዲሙ ነቒሑ፣ ኣብ ጎድኒ መንግስቱ ጠጥዑ ኢሉ ክብድህ እንከሎ፣ ገሊኦም ነቲ ርኹስ ስጉምቲ ብሓጎስ ተቀቢሎሞ። ነቲ ዝካየድ ዝነበረ ቃልሲ ክዓግቱ፣ ኣብ ጸግዒ ጸላእቲ ኮይኖም ኣበርቲዖም ተቆጻጽዮም። ጸሎት ዝኸእል 'ጻሊቱ'። ሕጂ ኩነታት ኣብ ዝቃያየረሉ ዘሎ እዋን ወጋሕታ፣ ንሳቶም እውን ናይ ክፉእ ስሕለቶም፣ ካልእ ናይ ጸይቂ ምጉስጓስን ከሳስዩ ክንርኢ፣ ከም'ቶ ኣብ ዝሓለፈ ናይ ቃልሲ ጉዕዞ፣ እናተማዕዱ ዝነቀጹ፣ ኣብ'ታ ባጎኒ ጸላኢ ተወጢሖም ዝጸደፉ፣ ክሳብ ሽዑ ክጸንሑ፣ ክሳብ ዘለዉ ድማ ምስ'ዚ እንኣትዎ ሓድሽ ገጽ ናይ ቃልሲ፣ ክራሮም ኪቃንዩ ማኺኖም ተገንዚብና፣ ኩሉ ዜጋ ኣስተብህሎ ክገብር፣ እላቦ። ስለ'ዚ እዚ ከም ሓደ ምውቅ ውሑስ ባይታን መበገስን ኮይኑ ዝጸንሐ ኣብያተ-ክርስትያናት ናይ ህዝቢ፣ ነቲ ኣቀዲሙ ዝተበገሰሉ ዒላማታት፣ መንፈሳዊ ኣገልግሎት ክህብ ኣለዎ እብል ብወገነይ። መጋበርያ ናይ ዝኾነ ይኹን ፖለቲካዊ መወሳውሲ እሞ ኸኣ ኣንጻር ሃገር ከይከወን። ኣብ ኤርትራና ብወግዒ ቅቡላት ዝኾና ሹድሽተ ናይ ንኡስ ሃገራ ስብከት ዞባታት ኣለዋና፣ ኣብ ሰሜን ኣመሪካ ሓደ ናቱ ወግዓዊ ዞባ ኣለዎ፣ እዚ ኣብ ትሕቲ ናይ ግብጻውያን ዝመሓደርን ዝምእዘዝን ብስም 'ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣመሪካ' ዝብል መጸዊዒ ግን፣ ስሙን መንፈሱን ዘይቃዶ፣ ነቲ ሒዝዎ ዘሎ ስም፣ ምስቲ ሓቀኛ ኣካል ስለ ዘደናግር፣ መአረምታ የድልዮ ኣሎ።

3፣ ጸላእትና፣ ኣንጻር መንግስትና ዘካይድዎ ዘየቋርጽ ተጻብኣዊ ጎስጓስ፣ ከም'ቲ ኣብ ጉዕዞ ዝሓለፈ ነዊሕ ዝተሓላለኸ ቃልስና ዝተመኮርናዮ፣ ኣብ ታሪኽ እውን ተቀሊሙ ዘሎ፣ ካብ ክንዲ ባዕላቶም፣ በቶም ንዓና ዝመስሉ፣ ላህጃን ቋንቋታትን ዝመልኩን ዝዛረቡን ባእታት ኣዋፊርካ እንተተሰርሐ ዝያዳ ከተዳናግሩን፣ ነቶም 'ንለውጢ' ዝንተቀሳቀሱ ባእታታት ድማ ተቀባልነት ክረኽቡ ዘኽእል ዝሓሸ ሜላ ኢዩ ዝብል ገምጋም ዝተገብረሉ፣ ክድፍኣሉ ዝጸንሐ ጉዳይ ምኺኑ ኣይሰሓትን። ነዚ እከይ ተልእኾ ብቀረባ፣ ባይታን መዋፈርን ዘዋደደ ጃንዳ ወየነ ከቀላጥፎ ዕማም ተዋሂብዎ ኣሎ። እቲ ትማሊ-ትማሊ ዓይኒ ሕብሮም ኣይተፈተወንን ኢሉ ዓሰርተታት ኣሻሓት ዜጋታትና ንብረት ዘሪፉ ዘባረረ ፋሽታዊ ጸላኢ፣ (እታ ዓይንታት እትምርምር ዓይኒ ነቁራ ድያ ወይስ፣ መድሎ ክሳብ እትረክብ ትዓሚታ?) ናጽነትና ንምኹላፍ ዶብ ኣሳቢቡ ኩናት ዝወለዐ ወያነ። ደም ዓሰርተታት ኣሽሓት ለይለይ መንእሰያት ከነፍስስ ዝተገደድናሉ መሪር ዘይርሳዕ ኩናት። ኣብያተ-ክርስታያናትን መሳጊድን ብሓዊ ተሃሚኹ፣ ቁጠባዊ ግስጋስና ብሰንኪ'ቲ ኩናት ዓጸፋ ክንሰርሕ ተቀሲብና። (ነዚ ሕጂ ንኸፍሎ ዘሎና ዋጋ፣እሞ ኸኣ እንውቀስሉ ዘሎና ወፍሪ) ሓደ ጥዑይ ሰብ ነዚ ተገራጫዊ ክስተታት ክዕዘብ እንከሎ ዝስምዖ ዓሙቕ ትዝታ፣ ብቀሊል ቃላት ንክገልጾን ከስተንትኖ የጸግመኒ ኢዩ። ከም'ዚ ከማይ የልቦን ማለተይ ኣይኮንኩን፣ ዝስመዓኩም ስሚዒት ኢየ ዘንጸባርቅ ዘለኹ። እቲ ኩነታት ግን ከምኡ ኢዩ ዘሎ። ኣነ ዝፈልጦ መንግስቲ ኤርትራ ግን ኣብ ልዕሊ ህዝቡ፣ ዘለዎ ዘይንቅነቅ ፍቅርን ኣበርክቶን፣ ትኽክለኛ መስፈርን መለክዕን ክርኸበሉ ብቅዓት ይሓጽረኒ። ዝኸሰሰሉ ዘሎ ጉዳይ ግን ክርድኦ ኣየጸግመንን። ንህዝቡን ንጺጋታት እዛ ርሕስቲ ከርሲ'ዛ ሃገርን፣ ከም'ቶ ኣብ ካልኦት ሃገራት ዘለዉ ልኡማት መራሓቲ፣ ምስቶ ዓብለልቲ ሓይልታ፣ ኢድን ጓንትን ኮይኖም ንረብሕኦም ዝሰርሑ፣ ንኹሉ ፖለቲካውን ቁጠባውን ጺጋታት ኣህዛብ ኣሕሊፎም ዘረከቡ፣ ከምኣቶም ክኾኑ ስለ ዘይተመልኩ ጥራይ ኢዩ እቲ ሕቶ። ኣሕሊፎም ስለ ዘይሃቡ፣ ከም 'መለኸቲ' ቅብኣ-ቀለም ቀቢኦ መልክዖም ክድውን፣ ኣንጻሮም፣ ዓቀን ዘይብሉ ፕሮፓጋንዳዊ ዘመተ ሚልዮናት ዶላራት ከፍስሱ ንዕዘብ ኣሎና። ዕላምኡ ኸኣ፣ ሓላይ ህዝቢን ተጣባቂ ሰብኣዊ መሰላትን እናተመሰልካ፣ ነቲ ዘሎ ምውቅ ተሪር ሓድነት፣ ቁሪ ከትእትወሉ፣ ካብ ሕቁፊ ህዝቦም ነጺልካ ህውከት ክትከል፣ ነቲ ህውከት መዝሚዝካ ክስታት ክትምስርት ከም ልሙድ ሜላ ተሰሲዱ ዝጸንሐ። ነዚ ተንኮለኛ ተግባር ብስሙራትና ከም ቀደምና ብሓባር ንቃለሶ። ዋላ እውን ኣብ ታሪኽ መራሕቲ ኤርትራ ጥራይ እተሓጽረ ኣተሓህዛ ኣይኹን፣ ክንዝንጋዓሉን ክንህመለሉን የብልናን።

ከም'ቲ ካልኦት ዝምስርትዎ ኪዳን ናይ ግበረለይ ክገብረልካ ናይ ጎይታን ጊላን ዝመድናታት ምፍጣር ቀሊል'ዩ። እዞም ርሕሩሓት፣ ዝህብን ሃገርን ኣሕሊፎም ንክይህቡ ብትብዓት ዝለለዩ መራሕቲ፣ ነዚ ሕጂ ዓይኒ ኣባይ ደጉሑ ዘሎ ኣዋርቅን ካልእ ክቡር መዓድናትን፣ ሽያጡ ኣብ'ቲ ንሳቶም ዝውንንወን ባንክታት እንተዘቀምጥዎ፣ ኣብ ወጻኢ ቪላታት፣ ብዓቀን ትእዛዝን ዝስርሐ መኻይን እንተዝሽምትሉ ኔሮም እኮ፣ እዚ ዝወርዶም ዘሎ ኣደራዕን ክስታትን ኣይምተሰምዐን። ከም'ቶ ብወርቃዊ መጻባበቂ ቀለማት ዝመላኸዑ፣ ኣብ ዓመት-ዓመት ናይ 'ሰላም መራሕቲ' ተባሂሎም ንሻናት ዝሽለሙ ዘለዉ ምተሸለሙ፣ ከም'ቲ እቶም ካልኦት ኣብ'ቲ ሓጺናዊ ዝፋኖም ደልዲሎም

Print to PDF without this message by purchasing novaPDF (http://www.novapdf.com/)

ነብሩ ዕድሚኦም ክቅጽሉ ዘድሊ ወታሃደራዊ ዕጥቂን ሓለዋን ዝወሃቦም ዘሎ፣ ከምኡ እውን ምረኤና ኔርና። (ንሞት ኣይምተመነይሎምን) ኣብ መዝገበ ቃላት ኤርትራዊ መራሕነት ግን፣ እታ "ተምበርኪኽ" እትብል ጽያፍ ቃል የላን። እቲ ትማሊ፣ ንኣስታት 52 ዓመት ተጋዲሉ፣ ሓን'ቲ መዓልቲ ምስ ስድርኡ ረጊኡ ኣብ ንቡር መኣዲ ሓቢሩ ምስ ስድርኡ ከይተመገበ፣ ሽድኡ ከይቀየረ ከየዕረፈ ኣብ ጻዕርን ስራሕን እንከሎ እተሰውአ ተጋዳላይ ወልደንኪኤል፣ ምስልን ኣርኣያን ናይ ኩሎም መራሕትና ኢዩ።

ኣብ መደምደምታ፣ ነዚ ንሓያለ ዓመታት "ብልሳነ-ኣቅሸሽቲ፣ ብጥቅስታት ቅዱስት መጻሕፍቲ፣ ብዝብል ኣርእስቲ ከዳሉ ዝደረኾኒ ምኽንያት ድማ፣ ከም'ቲ ኣቀድመ ኣብ መእተዊ ጽሑፈይ ዝጠቀስክዎ፣ ንብዙሓት ዘነደረ ተግባራት፣ ኣንጻር ህዝብናን መንግስትናን ዝቀንዐ ጸለመ፣ ሕጂ ዝተቀልቀለ ሓድሽ ተርእዮን ኣካይዳን ናይ'ዞም ሰባት ከምዘይኮነ፣ እቲ ንህላውነትና ዝፈታትን ኣዝዩ ሓደገኛን ጎዳኢን ዝኾነ ምውስዋሳት፣ ብጉልባብ ሃይማኖት ኣብ ልዕሊ ምእመናን ከንጸላሉ ዝጸንሐ፣ ንዕምሪ ጸላእቲ ዘናውሕ ተግባራት፣ ኣብ መንጎና ሰሊኹ ዝነበረ ዘይቅዱስ ኣበር ተኣልዩ፣ ናብ ቅዱዊ ዝምድናታት ተመሊስና፣ እንደገና መኣዝና ኣመዓራሪና፣ ጸጋታትና ጠርኒፍና ናብ ሃናጺ መዓላ፣ ብሓባር ንዕብየትን ብልጽግናን ሃገርናን፣ ኣብ ከከባቢና ዘለዋ ማሕበረ-ኮማት ዳግም ክጥጥዓ ኣበርቲዕና ንዕየ። ጸህያይ ካብ ሰዊት ስገም፣ ክርዳድ ካብ ስርናይ ክፍለ ናይ ግድን ኢዩ።

ነዚ ጸልማት ተልእኾታ ከሳስዩ ዝጓናብሑ ዘለዉ ኣካላት፣ ምስ'ዚ ዓለማዊ ተርእዮታን ክስተታትን ኣዛሚድና ክንርእዩ ጥንቃቀ ክንገብረሉ፣ ሓደራ ብስም እቶም ሕድሪ ኣመሓላሊፎ ዝሓለፉ ውፍያት፣ ሕድሪ ክደግምን ከዘኻኽርን ይፈቀደለይ።

ሓድነት ኤርትራዊ ንዘላኣለም ይሰስን!

ኩሉ ድሕሪ ሃገር!

ሰላምን ቅሳነትን ንኹሉ ሃገራዊ ኤርትራዊ።

ተወልደ ብእምነት፣ እዛ ጽሕፍቲ ንክብርን ዝኽሪን መበል 52 ብረታዊ ቃልስና፣ ይውፍያ።

*(መታሓሳሰቢ፣ ነቶም ብሓቂን ንህጽናን፣ ኣብ ጎድኒ ህዝቦምን መንግስቶምን ጸኒዖም፣ መንፈሳዊ ኣገልግሎት ክህቡ ተዋፊሮም ዘለዉ እሙናት ኣቅሸሽቲ፣ ብሰንኪ ርኹሳት ሰባት፣ ነቲ እተባረኸ መዓርግ ክህንነት ምትንኻፈይ፣ እቅሬታ እሓትት።)*

ነዚ ጽሑፍ ከዳሉ ሓይሊ ሓሳባትን መረዳእታት ክረክብ ዝሓገዙኒ ዳህሳሳዊ ጽሑፋት፣ ብርክት ዝበሉ ኔሮም፣ ንኹሎም ኣብ'ዚ ክዝርዝር ኩነታት ጊዜ ይድርተኒ። ሓደ-ሓደ ጽሑፋት ግን ኣብ ምንባብን ምስፋሕ መረዳእታትኩምን እሕግዙ ዝበልክዎም ክጠቅስ ፈቲነ ኣለኹ።

- 'ንኡስ ሃገረ ስብከት' ምስ ግብጻውያ ዝገብሮ ምውሳእ ኣብ መርበብ ሓበሬታኦም ንዓመታት ዝዘርግሕዎ ጽሑፋት ኣሎ።
- ኣብ ከተማታት ኢትዮጵያን ዝግበር ዝነበረ ዋዕላታት ኣብ መርበብ ሓበሬታ፣ ናይ'ተን ኣብ ኢትዮጵያ ዝተደኮና ጉጅታት፣ ወገዓዊ ፈነወ ክርከብ ይከኣል።
- ብዛዕባ ኣብ ሃገር ስዊድን ዘሎ ብ 'ስመር' ዝፍለጥ ናይ ወያነ መሳርሒ ናይ ፓልቶክ መርበባ፣ ሓሙሽተ ኣዋርሕ እንብር፣ ብግዱሳት ተጻናጸንቲ፣ ዝተዘርግሐ፣"ህዝቢ ኤርትራ ብዕሊ ክግብዘቦ ዝግባእ፣ ሽርሕታት ስርዓት ኣዲስ ኣበባ ኣብ ልዕሊ ሃገረ ኤርትራን፣ስንክሳር ማሕለኻታቱን" ዝብል ጽሑፍ።
- Engaging the Diaspora Ref 267 Wikileaks@afterposten.no
- ብዛዕባ ተሓድሶኣዊ ምንቅስቃስ፣ ጋዜጣ ፍኖተ ብርሃን, 30 ታሕሳስ 1993፣ ብግእዝ ኣቀኣጻጽራ ዝወጸ፣ "ኣብ ቅጽሪ ቤተ ክርስያንና እንታይ ኢዩ ዝግበር ዘሎ?" ዝብል ዝርዝር ሓታተታ።
- ተወሳኺ ናይ ተሓድሶ ኣመዓባብላ ዝጠቅስ ቀጥታዊ ተመክሮ ቀሺ ገብረ ብቋንቋ እንግሊዘኛ 19/7/2013 ኣብ መርበብ ሓበሬታ ዝወጸ ጽሁፍ። http://eritreanorthodox.150m.com/Letters/Abune.htm
- ንሃገራዊ ኣገልግሎት ዝምልከት፣ ነቲ ጽቡቅ ኣብነት ኣብ ካልእ ሃገራት ይትኣታቶን እቅዳሕን ከም ዘሎ ዘመልክት ጽሑፍ ኣብ መርበብ ሓበሬታ TesfaNews.com
- 'ቀሺ' ኣትናቴዎስ ምስ ሓደ ናይ ካቶሊክ ናይ ዜና ወኪል ብዕለት 3/02/2211 ዝገበሮ ቃለ-ምልልስ ኣብ CAN –Aid to the Church in Needs- ዝተፈነወ ብረድዮ ዝዝርጋሕ፣ ጽሑፋዊ ቅድሑ ኣብ መረበብ ሓበሬታ ዘሎ። www.aidtochurch.org
- http://britishorthodox.org/tag/eritrea/ እቲ ግብጻዊት ቤተ-ክርስትያን ኣብ ልዕሊ ኤርትራዊት ፓትሪያርክ ዝገበሮ ዘሎ ጠቀነታት ኣብ ሃገር እንግሊዝ ዝሕብር ጽሑፍ...ወዘተ...

Print to PDF without this message by purchasing novaPDF (http://www.novapdf.com/)

Print to PDF without this message by purchasing novaPDF (http://www.novapdf.com/)